# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.38 | ረቡዕ 15 ጥቅምቲ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2

ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢ

ገጽ 3

ክቕየር ዘይከኣል ናይ ኤርትራ ...

ገጽ 5
ዕላማ ህይወት


ገጽ 9
ፍሉይነት ጸጋታት ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ


ገጽ 10
የማን ካሕሳይ፡ እቲ ብሉጽ ተኸላኻሊ



## ማእከል - ኣብ ሕግታት ትራፊክ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣዘዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል - ሚጀር ሃብተ ጉብሩ፡ ንመራሕትን ወነንትን ታክሲ፡ ኣብ ኣገዳስነት ምኽባር ሕግታት ትራፊክን ሳዕቤናት ዘይምኽባሮምን ዘተኩረ ሰሚናር፡ ብ14 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ኣካይዱ።

ጥዑና መኪና ዘይምክትታልን እዋናዊ ጽገና ዘይምክያድን፡ ርሑቕትካ ዘይምሕላው፣ ክቱር ናህሪን ማስተ ስቲኻ ምምራሕን ካብ ቀንዲ ጠንቅታት ሓደጋታት ትራፊክ ምዃኖም ዝጠቐሰ ሚጀር ሃብተ፡ መራሕቲ ታክሲ - ሓደጋ ወጽኢት ሕጊ ትራፊክ ዘይምኽባር ምዃኑ ተገንዚቦም፡ ኣብ ዝኑብርዎ ጸዕቂ ምንቅስቓሳት ጥንቃቐትን ሓላፍነታውነትን ክኽሉ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ መርመራ ሓደጋታት ትራፊክ ኣቶ ብንያም ብርሃ ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ 9 ኣዋርሕ ብዛዕባ ዘጋጠመ ሓደጋታት ትራፊክን ሳዕቤናቱን ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣቕሪቡ።

ሓላፊ ምቁጽጻር መቐጸዕቲ ኣቶ ኢሳቕ ያቆብ ብወገኑ፡ ሕግታት ትራፊክ ብምጥሓስ ካብ ዝተኸሰ ኣስታት 62 ሽሕ ተሽከርከርቲ፡ እተን ኣስታት 37,100



መካይን ክኾና ከለዋ፡ 15,438 ካብኣን ታክሲ ከምዝኾና ገሊጹ።

ኣቦመንበር ማሕበር ወነንቲ ታክሲ ኣቶ መንግስ ጊላሚካኤል ብወገኑ፡ መራሕቲ ታክሲ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ንድሕነት ዘቐድም ጥንቃቐ ክዘውትሩን ንዝቐርብ ጎደናት ብጥበብ ክከታተሉን ክትርጉሙን ተማሕጺኑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣፍልጦ ጠንቅታት ሓደጋታት ትራፊክ ንምብራኽ ቀጻሊ ኣስተምህሮታት ክቕየድ፣ ኣብ ዘይፍቀደለን ንጥፈት ዝዋፈራ ኮድ-1 መካይን ዕቱብ




ምክትታል ክግበረለን፣ ከምኡ'ውን ገደብ ዕድመን ሰዓታት ምምራሕ ኣፍራስን ጠመተ ክግበረሉ ተላብዮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ፎሮ - ተለንተ ተኸስተ ጉብረሂወት፡ ንዞባ ምምሕዳራት ከበቢ ዘሎ፡ ሮብሮቢያ፡ ዓራብዕ፡ ሩባ ሓዳሹ ማሕፊድ፡ ኩምሆለን ገደምሳሓዜንን ካብ 5 ክሳብ 12 ጥቅምቲ ኣብ ሕጊ ዘተኩረ ኣስተምህሮታት ሂቡ።

ንኣበርክቶ ኮማዊ ፖሊስ ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተለንተ ተኸስተ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዝጋጥም ንኣሽቱ ፍጻመታት ኣብ ምፍታሕ፣ ከምኡ'ውን በደላትን ገበናትን ኣብ ምንካይ ዕዙዙ ተራ ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ምትሕብባር ኮም ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

## ሞልቀ - ወፈራታት ልምዓት ይካየድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ነበርቲ ሓወሲ ከተማ ሞልቀን ምምሕዳር ከባቢ ደምቡጠረርን ወፈራታት ጽገና ብክራማት ዝተበላሸወ ናይ ሓመድ ጽርግያ ኣካዪዶም።

እቲ ማእቶት፡ ኣካል ናይ'ቲ ብኮም ተወዲቡ ዝሰላሰል ማእቶታዊ ንጥፈታት ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ህንጻኣብ ወልዱ፡ እቲ ስራሕ 20 ኪሎ-ሜተር ከምዝሸፍን ኣረዲኡ።

ኣቶ ህንጻኣብ ብተወሳኺ፡ ኳ-ኳ'ዚ ወፈራ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ጀሃኑ ፈለግ ማዕድን እንዳጋብር፡ ዓዲ-ምሕረት፡ ጉዑቃላትን ጎናይሶሞላን ብድምር 34 ተወሰኽቲ መማሃሪ ክፍልታት ከምእተሃንጸ ብምሕባር፡ ንተራን ኣበርክቶን ህዝቢ መጉሱ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሞልቀ ኣቶ ኣስገዶም መንግስቱን ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ወፈራን ብወገኖም፡ ዘካይድዎ ዘለዉ ማእቶት ኣድማዕነት ንኽህልዎ፡ ደገፍ ማሽነሪ ክግበረሎም ጸዊዖም።



## ደቀምሓረ - ኣብ ሃገራዊ መርመራ ልዑል ነጥቢ ዘምጽኡ ተሸሊሞም

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ እትርከብ ናይ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ጣና ሓርነት፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ መርመራ 2ይ ደረጃ ልዑል ነጥቢ ዝመዝገቡ 48 ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተመሃሮኣ ሸሊሙ።

ብ12 ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ርእሰመምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ ኣቶ ኣስመሮም ታደሰ፡ ተሸለምቲ ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ ምዃኖም ብምሕባር፡ ኣብ ናይ ኮለጅ ትምህርቶም ብሉጽ ወጽኢት ንምምዝጋብ ጻዕሮም ክቕጽሉ ተላብዩ።

ኣብ ሃገራዊ መርመራ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ካብ ዝተሳተፉ 224 ተመሃሮ፡ እቶም 113 ማለት 50.4 ሚእታዊት መሕለፊ ነጥቢ ከምዝረኸቡ፣ 13 ድማ ምሉእ ነጥቢ ማለት 4 ዘምጽኡ ምዃኖም፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ሀብትዝጊ ኪዳን ብወገኑ፡ ዝተዋህበ ሽልማት ወጽኢት ጻዕሪ ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ወለዲ ኣብ ዓወት ደቆም ዓቢ ጽልዋ ስለዘለዎም፡ ብዘለዓለ ክደፍኡሉ ኣዘኻኺሩ።

በዚ ወጽኢት ተሓጒሱ ቤት-ትምህርቲ ጣና ሓርነት ተዓዋቲት ናይ'ቲ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ዝዕደል ሽልማት ደንደን ክትከውን ምብቃዓ ገፍለጥዩ።



# ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢ

## ካብ ቃልሲ ኤርትራ እንምሃሮ ዘይሃስስ ትውፊት ስርሒት ፈንቅል



(ብ Horn Perspective ዝተዳለወ ምንጪ፡- ER MEDIA)

ኣብ'ዚ ቀረባ ሰሙናት፡ ኑብሲይ ናብ ሓንቲ ብኣዝዩ ውሕሉል ኣገባብ ንሓደ ካብቶም ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዝበዩ ወሰንቲ ምዕራፋት ዘርዝራ እተርኢ ብኤራ-ቲቪ እተፈነወት ተኸታታሊት ዶክመንታሪ ፊልም ተሳሒባ ረኺበያ - ስርሒት ፈንቅል። እዛ ሰነዳዊት ፊልም'ዚኣ ኑቶም ፈጺሞም ዘይተኣሳሰሩ ዝመስሉ ግን ከኣ ተሊጊቦም ናብ ዓወት ዘብጽሑ ምድላዋት እያ ትዝርዝር። ተጋደልቲ ኤርትራ ናብ ከርሲ መዳኸራት ኢትዮጵያ ኣትዮም ከጥቅዑን ንሓይልታት ጸላኢ ምስ ወተሃደራዊ ትካላቶም ከቢታትሉን ተርእየ።

እዛ ዶክመንታሪ ኑቲ ብስላሕታ ዝፍጸም ግን ከኣ መሰረታዊ ዕዮ ናይተን መብዛሕትኡ እዋን መስተንክራዊ ኣብርክቶኣን ዘይናቐልበሉ፡ ማለት ኑተን ብልዑል ጥንቃቐ ብዝዕባ ኣቀማምጣን ዓቕሚን ጸላኢ ሓበሬታ ዝምእርራ ኣሃዱታት ወተሃደራዊ ስለያ፡ ኑተን ሓደኛ ፈንጂታት እናጸረጋ ናብ ዓወት ዘብጽሕ መገዲ ዘጣጥሓ ኣሃዱታት ሃንደሳ፡ ኑተን ካብ ጸላኢ ንዝተተኮሰ ጠያይት መኸወሊ'ኳ ኣብ ዘይርከበሉ ቴንዳታት ንቑጡን ውጉኣት ዝቐበላ ኣሃዱታት መጥባሕቲ (ሕክምና)፡ ኑተን መገዲ ተጋዳላይ ኣጽዋሩን ተተኩሰቱን ብስሉጥ ከም ዝቐርብ ዝገብራ ኣሃዱታት ዕደላ (ሎጂስቲክስ)፡ ከምኡ ድማ ኑቶም ትብዓቶም ንትብዓት እቶም ዝሰኣሉዎም ተጋደልቲ ብዝዓርግ ኣብ ማእከል ኩናት ኣትዮም፡ ውዕሎ ኩናት ዝሰንዱ ሰብኣሞራ እተገልጸ ኮይና እያ ረኺበያ።

ኣቀራርባኡ፡ ንስራሕ ናይቶም ዘፍረዩዋ ይኹን ንተሞክሮ ናይቶም ተዓዚቦቲ ሰለ ዘይምጥኑ ናብ ዝርዝር ናይዛ ዶክመንታሪ ክኣቱ ኢለ ኣይሕልንን'ዩ። የግዳስ፡ ኑቲ ንሳ እተገልጾ ዘይሃስስ ኣስተምህሮ - እቶም ኣይ ሓያስቲ ኣይ ከወሳት ኣስተምህሮታት፡ እቶም ታሪኽ ኣብ ቃልሲ ሃገራት፡ ሕብረተሰባትን ውልቀሰባትን ደጊሞም ዝጽሓፈሎም ከስተንትን ስለዝደለኹ እምበር።

ሓደ እዋን እቲ ወሩይ ኢጣልያዊ ፈላሳፋ ኒኮሎ ማኪያቨሊ ከምዚ ኢሉ ምንባሩ ይዝክር፡- “እቲ መጸኢ ክንብዩ ዝደሊ ንሕሉፍ ክወከስ ግዱድ እዩ፡ ሰብኣዊ ንጥፈታት ወትሩ ኑቶም ቅድሚኦም ዝተፈጸሙ ተግባራት ስለዝመስሉ። ኩሎም ዝሓለፉ ተግባራት ቡቶም ብዝተመሳሰሊ ወኒ ተላዒሎም፡ ቅድሚ ሕጂ ዝበሩን ብሕጂ'ውን ዝህልዉን ሰባት እዮም ፈርዮም ካብ ዝበል ሓቂ እዩ ዝቅል፡ ስለዚ እዩ ድማ የግዲ ተመሳሳልነት ዝህልዎ።”

ቀዳማይ፡ ጸላኢ ክንድ'ቲ ኣእምሮኻ ዝፈቕደሉ ጥራሕ እዩ ከፍርሓካ ዝኽእል። እዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ሓደ ኣብ 1989 ኣብ ደማዚን (ደቡብ ምብራቕ ሱዳን) ኣብ መንጎ ኣዘዝቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊት ሱዳንን ዝተገብረ ርክብ ተመስኪሩ ንረኽቦ። ሓደ ክፍለ ሰራዊት ህግሓኤ፡ ምስ ተጋደልቲ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ብምትሕብባር ብውሕዱ 1,500 ኪ.ሜ. ኣብ ውሽጢ ግዝኣት ሱዳን ተጓዒዙ ኣብ “ኣሶሳ” ዝተባህለት ስትራተጂያዊት ከተማ ኢትዮጵያ መጥቃዕቲ ክፍት ተቐሪቡ ነበረ።

ኑቲ ስርሒት ኣመልኪቱ ብክልተኦም ወገናት ዝቐረበ ውጥን ኩናት ነይሩ። ሱዳናውያን ኣዘዝቲ ኣብ ዝኣከቦዎ ስለያዊ ሓበሬታ ተሞርኮሶም፡ መስመር ጸላኢ ጥሒሶካ ኣሶሳ ንምቁጽጻር ክልተ ወርሒ ክወስድ'ዩ ዝበል ግምት ሒዞም ቀሪቦም። ብኣንጻሩ ኤርትራውያን ኣዘዝቲ ድማ ብወገኖም ካብ ዝኣከቦዎ ስለያዊ ሓበሬታ ነቒሎም “እዚ ስርሒት ናይ መዓልታት ምናልባሽ'ውን ናይ ሰዓታት ክኸውን ይኽእል'ዩ” ዝበል እምነት ሒዞም ቀሪቦም። ሻቡ እቶም ሱዳናውያን ኣዘዝቲ ኑቲ ናይ ኤትራውያን ገምጋም ከም ሓደ ዘይሓላፍነታዊ ዕንደራ ገይሮም ወሰድዎ። እቲ ክዉንነት ግን ብኣንጻሩ ኮይኑ ረኺቦም። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብዘደንቕ ቅልጣፈ ዕላማኦም ወቒዓም፡ ኣሶሳ ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሮም ኣእትዮማ።

እዚ ምንጽጻር'ዚ ንሓደ ኣገዳሲ ትምህርቲ እዩ ዝሀበና። ንጸላኢ፡ ክሰዓር ወይ ክልከፍ ከም ዘይክእል ሓይሊ ገይርካ ምርኣይ፡ ንኣእምሮኻ ደፊኑ፡ ውጥንካ ኣብ ክንዲ ኣብ ምጭባጥ ዓወት፡ ኣብ ምንካይ ክሳራታት ከም ዝድረት እዩ ዝገብር። ንመጋጥምትኻ ከም ብደሆ ግን ከኣ ክሰዓር ከምዝኽእል ገይርካ ምርኣይ ተበላሓትነት፡ ረዓምንትን ደፋር ስትራተጂን እዩ ዘበራብር። ኣብ ኩናት ከም ኣብ መዓልታዊ ህይወት፡ ፍርሒ ንገዛእ-ርእሱ እቲ ዝዓበየ ዕንቅፋት ስለዝኾነ።

ካልኣይ፡ ነፍሲ-ወከፍ ማሕበራዊ ውዳበ ኣብ እምነት ተሞርኪሱ እዩ ዝትንቀሳቐስ ዝወድቕን። እዚ ኣበሃህላ'ዚ፡ ኣብታ ኣብ ምጅማር ናይዛ ዶክመንታሪ ተዘንትያ ዘላ ተልእኾ ብኣዝዩ ሓያል ኣገላልጻ ቀሪቡ ንረኽቦ። ሓንቲ ኣሃዱ ህዝባዊ ግንባር ብዕምቀት ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ኣቲኻ ቁጠባዊ ትካላት ናይ ምዕናው ተልእኾ ተዋሂቡ። ዝ.ንምፍጻም፡ ኣሃዱ ንኡስ ናብ ክልተ ጉጅለ መቒሉት። ሓንቲ ጉጅለ ናብ ዓሰብ ኣትያ መጸረዪ ነዳዲ (ረፋይነሪ) ንምጥቃዕ ዘኽእል ደቂቕ መጽናዕቲ ክትገብር፡ እታ ካልኣይቲ ድማ ናብ ዱብቲ (ደቡባዊ ምብራቕ ኢትዮጵያ) ከይዳ ተመሳሳሊ ዕማም ክትፍጽም፡ መመደበን ኣሳሊጠን መራኸቢ ቦታ ፈልየን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ዳግም ክራኸባ ተሰማሚዐን ተፈላለያ።

ከም መደበን ዝራኸባሉ መዓልቲ ምስ ኣኸለ፡ እታ ናይ ዓሰብ ኣሃዱ ኣብ ቆጸራኣ ኣይተረኽበትን። ድሕሪ 40 መዓልታት እውን እንተኾነ ደሃይ ናይ'ታ ጉጅለ ሽታ ማይ ኮይኑ። ጸላኢ ከይፈለጠ ብራደዮ ተራኺቢካ ደሃይ ሓድሕድ ክትገብር ከኣ ዝሕሰብ ኣይኮነ። “ሞት ብጾምኢ ማይ ወይ ምትሓዝ ብሰራዊት ኢትዮጵያ'ዶ ኣጋጢሙዋ ይኸውን?” ክትብል እታ ዝተረፈት ጉጅለ ብጭንቀት ተዋሕጠት። ብመሰረት ልሙድ ወተሃደራዊ ኣሰራርሓ፡ ከነታት ናይ'ታ ጠፊኣ ዘላ ጉጅለ ክሳዕ ዝፍለጥ እቲ ስርሒት ዳግመ-ግምት ክግበረሉ ምተገብአ። ዝተማረኹ ተጋደልቲ ኣብ ትሕቲ ጸንዓ መርመራ፡ ንዱብቲ ናብ ሓንቲ ቀታሊት መጻወድያ ዝቕይር ሓበሬታ ከምልቁ ስለ ዝኽእሉ። ይኹን'ምበር ብኣንጻር'ዚ ዝተገልጸ ዘይርገጸኝነት፡ እታ ናይ ዱብቲ ጉጅለ ናብ ስርሒታ ቀጺላ፡ ተልእኾኣ ብዓወት ፈጺማ፡ ዘኾነ ክሳራ ከየጋጠማ፡ 14 ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ኢቃጺላ፡ ፋብሪካታትን ካልእ መሰረታውያን ትሕተ ቅርጻታትን ኣዕንያ። ድሕሪ ናይ ክልተ ወርሒ ምፍልላይ ከኣ እታ ናይ ዓሰብ ጉጅለ ኣርከበ - ንኣውን መጽናዕታ ግዜ ምስ ኣኸለ ሓንቲ ምልእቲ ብርጌድ ብስላሕታ፡ ናብታ ድሕሪ መስመር ጸላኢ እትርከብ ዓዲ-ዓለ ብምእታው፡ ኣብ ናይ ዜሮ ሰዓት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ጸላኢ ሓያል መጥቃዕቲ ፈንያ። እዚ ተባዕ ስጉምቲ'ዚ ኣብ ውሽጢ ደቃይቕ ደፋዓት ጸላኢ ኣጸፈፉ።

እዚ ፍጻመ'ዚ፡ እምነት ኣብ ኩሉ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ወሳኒ ምኻኑ'ዩ ዘርኢ። ኣብ ኣባላት እምነት ብጽኑዕ ምስ ዝሰርት ድማ ብዕምቈት ሰረጹ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ይኸሰኩሱ፡ ነፍሲወከፍ ኣባል ኣብ ብጻዩ ልዑል እምነት ከም ዝሕድር ይገብር። እምነት፡ ከም መትኒ-ህይወት ናይ ዝኾነ ማሕበራዊ ውዳበ፡ ኣብ መንጎ ኣባላቱ ሰረጹ ኑቲ ዘይክኣል ከም ዝከኣል ዝገብር ጽንዓት፡ ሓድነትን ዘይንቀሳቐስ መብጽዓን ናይ ምዝራእ ሓይሊ ስለዘውንን።

ሳልሳይ፡ ፍልጠት ሓይሊ እያ። እቶም ክይተሓለሉ ዘናድዩዋ ድማ ሳዕለዋይ ኢዶ ይጭብጡ። እቲ ወሩይ ቻይናዊ ጀነራል ሳንዙ “ዓወት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ንጸላኢ'ኻ ብልክዕ ብምፍላጥ፡ ኩናት ቅድሚ ምእታውካ እዩ ዝጭበጥ” ክብል ብምሉእ ርእሱተኣማንነት ይምጉት። እዚ እምነት'ዚ ኣብ መዓልታዊ ኣሰራርሓ ናይተን ናብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ሰሊኾን ምስ ሕብረተሰብ ተመሳሲለን ቅርጺ-መሬት እናጽንዓ፡ ብዛዕባ መዳኸራት ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ቅርጺ እዝን-ቁጽጽርን፡ መከላኸሊ መስመራትን ዝምልከቱ ኣገዶም ኣገደስቲ ዝርዝራት ዝእክባ ኣሃዱታት ስለያ ህዝባዊ ግንባር፡ ምስክር እዩ ነይሩ።

እቲ ብስለያዊ ሓበሬታ ዝቃን ስትራተጂያዊ ውጥን፡ ንኣዘዝቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ዓወት ናይ ግድን ከም ዝኾነ እዩ ዘተኣማምኖም። ዝ.ኣብ ዑት ክኸውን ኣብዛ ዶክመንታሪ ኀሊሑ ዘሎ እቲ ኣብ ለካቲት 1990 ዝተኻየደ ስርሒት ፈንቅል እዩ። ኣዋርሕ ዝወሰደ ምምእራር ስለያዊ ሓበሬታ፡ ምንቅስቓሳት ጸላኢ ብልክዕ ክከታተሉዎ ኣኽኢሉዎም። ስለዚ ድማ ኣብ ከበቢ ባጽዕ ተኣኪቡ ዝነበረ ደፋዓት ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ክልተ ፈጺሞም ዘይብሰዑ ዝመስሉ፡ ብከቢድ ዝተደርዑ ተመዓደወቲ መዳኸራት ከም ዝምርከሱ ክረጋግጹ ክኢሎም።

ይኹን'ምበር፡ ሓለፍቲ ኣሃዱ ስለያ፡ ብኣዝዩ ጥንቁቕ መጽናዕትን ስልኪታትን፡ ሓንቲ 150 ሜትሮ እትኸውን ጸንዓ ሓለዋ ዘይግበረላ ጸቢብ መተሓላለፊት ረኺቦም።



ዓድኽድኽ ኣብሉ ንሰራዊቶም ፈንጢሖ፡ ቅልጡፍ ዓወት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከረጋግጽ ኣኽኢሉ።

እዛ ዶክመንታሪ ዝኸን ንኻልኦት ሓያሎ ስለያዊ ስርሒታትን ህዝባዊ ግንባር፡ ንጸላኢ ብምሉእ ንጹርነት ንምርዳእ ዝተየደ እምብራ-መጠን ሓደጋ ዘሰነዮ ዕዮ ምኻኑ እያ ተገልጽ። እዞም ተጋደልቲ ካብ ርሑቕ ኮይኖም ጥራሕ ኣይኮኑን ዘማዕድዉ፡ ኣብ መንጎ መሳርዕ ጸላኢ ይኑብሩ፡ ጸላኢ ዘይፍለጦ ቅርጺ መሬት ይኸልሉ፡ ከምኡ ድማ ወሳኒ ሓበሬታ ክእክቡ ክሰዕ ንህይወቶም ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስለያዊ ስርሒታት ይፍጽሙ። ንምንታት ዝገደፍ ሓንቲ'ኳ የሎን ዝኾነት ናይ ኣፍልጦ ሃጓፍ እንተተረኺቡ ዝበርኻ ገይርካ ክትምላእ ኣለዋ፡ ዝኾነ ግምት ክብዓህ ኣለዎ፡ ነፍሲወከፍ ጭረም ሓበሬታ ተኣኪቡ ማዕበል ኩናት ንረብሓኦም ከም ዝግልበጥ ገይሮም ይጥቀሙሉ።

ኣብ መወዳእታ ነፍሲወከፍ ሰብ ዛ ዶክመንታሪ ክርኢያ ኣጥቢቑ እላቡ፡ ሓደ ግዜ ጥራሕ ዘይኮነ እንተውሓደ ክልተ ግዜ ሰለስተ ግዜ። ንኤርትራውያን ልዕሊ ታሪኻዊ መዘክሮ፡ ናብቲ ንሃገራዊ ኣረኣእያናን ፖለቲካዊ ባህልናን ቅርጺ ዘትሓዘ ምእንቲ ናጽነት ዝተኻየደ ቃልሲ፡ ኮታስ ናብ ሃገራውነት፡ ሓድነት፡ ጽንዓት፡ ፈጠራውነትን ጅግንነትን ኤርትራውያን እተርኢ መስኮት ስለዝኾነት። ኑቶም ወተሃደራዊ ግጥማት ንባዕሎም ጥራሕ ዘይኮኑ ኣብቲ ኩሉ ዝተሓለፈ መከራታት፡ ኑቲ ዛ ሃገር ጸይራ ዝሓለፈ ኩነተ-ኣእምሮ'ውን ስለእተርኢ።

ሓይሊ ናይዛ ዶክመንታሪ ኣብቲ እተዘንትዎ ታሪኽ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብቲ እተመሓላልፎ ልቦና፡ ኣብቲ ክገጽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንጹጹት ዝምጠጥ፡ ኣስተምህሮኣ'ዩ ዝምርኮሰ። መኻልፋት ክሰዕሩ ንዝቃለሱ ውልቀሰባት፡ ምስ ዘይርገጽ መጻኢ ንዝገጽሙ ሕብረተሰባት፡ ቦታኦን ኣብ ታሪኽ ክረኽባ ሃሰው ንዝበላ ሃገራትን እያ ትመክር። ኣብ ኩናት፡ ኣብ ፖለቲካ ይኹን ኣብ መዓልታዊ ገድሊ መልእኽታ ንጹር'ዩ- ጽንዓት፡ ተበላሓትነት፡ ሓድነት፡ ንቕሓትን ጥሙሕነ'ዮም እቶም እምኑሰረት ኮይኖም ንዓወት ዝወስዱ ረቛሒታት።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍስ 125013 - ቍሳጺ 1284

# ክቕየር ዘይከኣል ናይ ኤርትራ ልኡላዊ ዋንነት ቀይሕ ባሕሪ

ባና ቀይሕ ባሕሪ

ናጻ ናይ መጸናዕቲ መድረኽ መሰሉ፡ ንርእሱ 'ህርን ረሺው' ኢሉ ዝሰመየ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝመደበሩ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ቀረባ እዋናት፡ ሓደ ጠገለ ዝኾደሎ ጽሑፍ ኣሰፊሩ ነይሩ። ኣብቲ "ኤርትራ እንክትቅላዕ ኣብ ኤርትራ ዝጸንሐ ሃገራዊ ኣፍልጦ ኢትዮጵያ ምስ እትስርዞ" ዝብል ጽሑፉ፡ ኢትዮጵያ ናይ ኤርትራ ልኡላውነት ክትሓክኽ ከም እትኽእል ገይሩ፡ ብዙሕ ናይ ፖለሲ ሓረጋት ሸፋፊኑ ተንተናኡ ኣቕሪቡዎ ኣሎ። ኢትዮጵያ ናይ ኤርትራ ልኡላውነት ክትሰርዝ ያኢ ከም እትኽእል ዘቕረቦ ጽሑፍ ብሹሉ መለክዒታት ጣቂ ዝኸደሎ ኣብ ኣእምሮ እቶም ጸሓፍቲ ዝመላለስ ናይ ቀትሪ ሕልሚ እዩ። እዚ ብኣልባሳት መጸናዕታዊ ትንታነ ተሸፋፊኑ ስነ ፍልጠታዊ ትሕዝቶ ከም ዘለዎ መሰሉ ዝቐረበ ናይ ፕሮፓጋንዳ ጽሑፍ፡ ቅወምነር ዘይብሉ ባዶሻ ኩይኑ ኣና እንረኽቦ።

እቲ ጽሑፍ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ህርደግ ኣሊ፡ ልኡላውነት ኤርትራ ናብ ምግዛስ ከይቀላጠፍን ጥንቃቐ ከም ዘድልዮን ክመኽር ይፍትን። ኣብ ሚዛን ክኣቱ ዘለዎ ሕጋውን ስትራተጂያዊ ኣገባብትን ከም ዘሎ እውን ከዘኻኽር ይፍትን። ምስ ዝፍተሸ ግና ኣብ ፈኲስ ሰረት ዝተኣደቀ ፈራሲ ኩይኑ ደርከብዎ። እቲ ጽሑፍ ቅወምነር ዘለዎ ንምምኳል ዝተጠቐመሉም ናይ ልቓሕ ቃላት ኣልገሰ፡ ካብ መድረኽ መደረ ቀዳማይ ሚኒስተር ሰልፊ ብልጽግናን ካራሩ ዝስሕሉ ጀነራላትን መዓልታዊ ዝሰማዕ ባዶ ሃተፍተፍ ዝቕለ እዩ። ካብ መደናገሪ ዓወዓውታ ዘይሓልፍ መእሰሪ ዘይብሉ ተደጋጋሚ ሓሶት ኮይኑ ደማ ንረኽቦ።

ናጽነት ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዝተረኽበ ትኳቦ ኣይኮነን። ናጽነት ኤርትራ መንግስቲ ኣዲስ ኣበባ ኣብ እትህቦ ኣፍልጦ ዝተመርኮሰ እውን ኣይነበረን። ሃገራውነት ኤርትራ ኣብ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተሰረተ ብደምን ስግኣትትን ዝተዋሕሰ ብዓለም ለኻዊ ሕጊ ዝተረጋገጸ ንልዕሊ ሰለስተ ዕቑድ ልኡላውነቱ ዘማስከረ እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ዝኽሕድ፡ ትንታነ ዘይትሓስ ልብወለድ ጽሑፍ እዩ።

ኣብቲ ጽሑፍ ዝረኣዩ ኣባላት ጋንታ ሆርን ረሺው ኮይኖም ዝቐረቡ ናይ ሸፉሸተ ሰባት ሰኣሊ ኣሎ። እቲ ጽሑፍ ቅወምነር ዘለዎ ንኽመስል ዝተጠቓቐዐ ናይ ካልእ ወገን ቃላት ተቐቢሎም ዘቃልሉ ብስም መጸናዕታዊ ጽሑፍ ናይ ዝወከልዎ ስርዓት ቃላት ዘቀባብሉ እዮም። ዕርቃን ዝወጸ ክሕደት ዝሸፍኑሉ ብስም ምህራን ዝተዓለወ ቁጽሊ ክሰፍዩ ሃተምተም ዝብሉ እዮም። ነቲ ብሓሶት ዝተሰጋገበ ዘይረኽብ ናይ ሓሳብ ኩሉልን ተገራጫዊ ዓወዓውታን ድሙ ስነ ሞጎታዊ ክትዕ ኣምሲሎም ከቕርብዎ ይፍትኑ።

ዘቕረብዎ ድኹም መኻትዒ ነጥቢ ጥራይ ዘይኮነ ሕጋውነት እውን ዘይብሉ እዩ። ሕጊ ወይ ታሪኽ ዘጽነዐ ወይ'ውን ቀኑብ ናይ ዓለም ለኻዊ ርክባት ኣፍልጦ ዘለዎ ተራ ሰብ ክቕበሎ ዘጸግም ጽሑፍ እዩ። ኣብዚ ናይ ቀትሪ ሕልሚ ምጽዋት ቀጺሉ ዘሎ ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባ ተረር ግብረ መልሲ ክሰዐ ከም ዝኽእል ክፈልጥ ኣለዎ። ብሰንኪ ዘይሕጋዊ ኀበጣን ዝምታን ባዕላ ወሊዓ ዝተሳዕረትሉ ኩናት፡ እቲ ዝሰዐበ ሕንፍሽፍሽን ኣብ ሰላሳ ዓመት ዘውረዶ ዕንወትን ተሓታቲት ምኻና ክትዝክር ኣለዋ።

እዚ ኣካዳምያዊ ጸወታ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ንልኡላውነት ኤርትራ ኣብ ሕቶ ምእታው ትቕጽል እንድሕር ኮይና ብዓቕን መዳርግቲ ዘይብሉ ኣብቲ ናይ ሰለስተ ዕቑድ ኀበጣን ዕንወትን ዝተመርኮሰ መዝዘ ትስሕብ ከም ዘላ ክትፈልጥ ኣለዋ። ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባ ዘርእዩ ዘሎ ዓቕለጽበት እምበር ናይ ሓይሊ ምልክት ኣይኮነን። ኣብ ምድረበዳ ብርሑቕ ዝርኣ ዋርዋርታ ከበጽሑ እናተመኸዩ ኣብ ትሕቲ እግሮም ናብ ዘሎ ሰልሚ እዮም ዝጥሕሉ ዘለው።

## ሓቀኛ ታሪኽ - ወተሃደራዊ ስዕረት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ

ናጽነት ኤርትራ ኣብ 1993 ብምደይጥ ዝተረኽበ ኣይነበረን። ድሕሪ ናይ ሰለስተ ዕቑድ መሪር ውግእ ኣብ ዓውዲ ውግእ ተሻሂጹ ዝወጸ እዩ። ብፈኲስ ብረት ዝተዓጥቀን ብጠዘለ ሰራዊት ዝተዓበለለን ህዝባዊ ግንባር ንሓርነት ኤርትራ ነቲ ብሕብረት ሶቭየት ዝድገፍ ግዙፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ በዳህ፡ ሓምሸሹዎ። ጠራሱ ፈራሩሱ ክሳዕ ዝቡታተን ከኣ ተሳዒሩ።

ካብቶም ኣብ ኤርትራ ኣብታ ቕነ እቲኣ ዝነበሩ 130 ሽሕ ወተሃደራት ልዕሊ 114 ሽሕ ተማሪኾም። ካብኣቶም እቶም 80 ሽሕ ብቦርካ ኣቢሎም ናብ ሱዳን ክሃድሙ፡ 21 ሽሕ ከኣ ኣብ ክሳድ ዒቃ መንጸር ዶብ ኢትዮጵያ ዝተታሕዙ፡ እቶም 13 ሽሕ ከኣ ኣብ ኣስመራን ከበአን ዝተማረኹን እዮም ነይሮም። ካልኦት 16 ሽሕ ከኣ ኣብ ውግእ ዝተቐትሉ ነይሮም። ኣብ ዓሰብ ዓስኪሩ ዝጸበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ ተመሳሳሊ ኩነታት እዩ ኣጋጢምዎ። ብዘይካ እቶም ናብ የመንን ጅቡቲን ዝሃደሙ ውሑዳት መብዝሕትኦም ተማሪኾም። ዝተረፉ ከኣ ኣብ ውግእ ተቐቲሎም። ዘይተኣደነ ኣጽዋር ከኣ ተማሪኹ።

ድሕሪ ስዕረትን ምብትታንን ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ናጽነት ኤርትራ ብሓውን ብደምን ዝተጠርየ ርጉጽ ሓቂ ነበረ። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ናይ መውዓእታ ወተሃደራዊ መደበር ዓሰብ ምስ ተደምሰሰ ድማ ምዕራፍ መግዛእቲ ንሓዋሩ ተዓጽወ።

ማሰል ሃገራውነት ኤርትራ ብቐንዱ ካብ መትከላት ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተበገሰ እዩ። ብሹሉ መለክዒታት ዓለም ለኻዊ ሕጊ፡ ኤርትራ ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ኣብ ፈለማ ኣርባዓታት ወይ ከኣ ምምሕዳር ብሪጣንያ ኣብ 1952 ምስ ኣብቀዐ ናጻ ክትወጽእ ነይሩዋ። ከምኡ ዘይምኳኑ ድማ ኣብ ሕልና ውድብ ሕቡራት ሃገራት በሰላ ኮይኑ ተሪፉ። ምዕራባውያን ሓይልታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝነበሮም ጃኦፖለቲካዊ ረብሓ ንምውሓስ ማሰል ኤርትራ ከም ማሰዋእቲ ገይሮም ከቕርብ ብውዱት ሰሚሮም።

ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝጸንሑ ህዝብታትን ሃገራትን ምሉእ ማሰል ርእሰ ውሳነ ክህልዎም ዘፍቅድ ናይ 1960 ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣዋጃት ባዕዳዊ መግዛእቲ ብቐልጡፍን ብዘይ ቅድመ ኩነትን ክበቕዕ ይጽውዕ። ናይ ኤርትራ ሕቶ እውን ዝተፈልየ ኣይነበረን። ኤርትራ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ክይትወጽእ ዝተፈጸመ ግሁድ ጥልመት እዩ ነይሩ።

እቲ ጥልመት ዘኸፈሎ ዋጋ መግዘንቲ ኣይነበርን። ህይወት ዓሰርተታት ኣሽሓት ዝተኸፍሎ ዋጋ፡ ዓድታት ብመንደድቲ ዝተሃመኹሉ፡ ኢንዱስትርያዊ ትካላት እናተማሕወ ዝተወሰደሉ ናይ ሰለስተ ዕቑድ ውግእ ተኻይዱ። ከም እተን ብዓለም ለኻዊ ሽምግልና ናጽነተን ዝረኸባ ናሚብያን ዘምቢወን ዘይትካትስ ኤርትራ ብደምን መስዋእትነትን እያ ናጽነት ረኺባ።

ኣብ 1993 ዝተኻየደ ረፈረንደም ብመንጸር ሕጊ ኣድላዪ እውን ኣይነበረን። ህዝባዊ ግንባርን ኤርትራውያንን ዝጨበጥዎ ዓወት ንዓለም ንኸርእዩ ብፍታዎም ዘወሰድዎ ስጉምቲ እዩ ነይሩ።



ዝ. ግሁድ ሓቂ ኢትዮጵያ እንተኾነት እውን እናተማትአት ኣፍልጦ ክትህቦ ነይሩዋ።

ኢትዮጵያ፡ ምስ ኬንያ፡ ሶማልያን ሱዳንን ዘለዋ ዶባት በቲ ኣፍሪቃዊ መትከላት ክትሕልዎ እንክላ ሕጋዊ ወሰናት ኤርትራ ምቕባል እትሕሰመሉ ምኽንያት ክህሉ ኣይክእልን።

ብሹሉ መለክዒታት፡ ኤርትራ ነቲ ናይ ሞንተቪደዮ ሚዛን ዘማልእ ብቕዓት ኣለዋ። ካብ ነበሮን መታሕትን ደሴታታን ብዝቘመ ቀዋሚ ነባሪ ህዝቡ፡ ብቓልሲ ቅርሲ ሓዙ ዝወጸ ጥሙር ሃገራዊ መንነት ኣለዋ። ግዝኣታዊ ምድራ ብዓለም ለኻዊ መንነኛኸት ብፍላይ ድማ ብኮምሽን ዶብ ኤርትራ-ኢትዮጵያ ብቑያድን ወሳንን ውዕል ኣልጀርስ ዝተፈልጠ ኣብ ውዕላት መግዛእታዊ ዶባት ዝተሰረተ እዩ። ብደረጃ ሃገር ዝተዘርገሐ ጽኑፍ ምሕደራ ዘለዎ መንግስቲ ኣለዋ። ናጻ ኣገልግሎት ሕክምናን ትምህርትን ይህብ። ጸጥታ እውን የውሕስ፡ ብሞጽኣለይ ዓቕሚ መሰብሮ እናሓለፉ ሃገር ዞማሓድሩ ሓላፍነታውያን ብዝርእዩዎ ጸረ ብልሽውና መርገጺቶም ኣብዚ ብጉዕዘይና ስልጣን

## ኤርትራ ዘሰገረቶ ኢትዮጵያ ዘሓምሸሸቶ - ሚዛን ሞንተቪደዮ

ኣፍልጦ ምሉእ ንሰድ ደኣ እምበር ልኡላውነት ኣይፈጥርን። ሓደ ህዝቢ



እንተደአ እተን ኣርባዕተ መለክዒታት ውዕል ሞንተቪደዮ-ግዝኣታዊ ቦታ፡ ቀዋሚ ነባሪ ህዝቢ፡ ንጡፍ መንግስታዊ ምሕደራ፡ ብቕዓት ናይ ወጻኢ ርክባት ኣማስኪሩ ልኡላውነት ሃገሩ ብናይ ጎረባብቲ ድልየት ጀሆ ክተሓዝ ኣይክእልን። እዚ ሓቂ እዚ ኣብ 1993 ኤርትራ ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይና ምስ ተጸንበረት ንኽትዕ ዕድል ብዘይሁብ መገዲ ተረጋጊጹ እዩ። ምስ ታይዋን ወይ ምብራቕ ጀርመን ንምንጻጻር ዘመሳሰል ወይ ዘራኽብ የብሉን። ኤርትራ ብዋንነት ዝኮትዕላ ወይ ብምርድዳእ ትተሓናፈጽ ሃገር ኣይኮነትን። ኣፍልጦ ኣባልነት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘለዋ ኣብ ሕጋውን ፖለቲካውን ተሞክሮታት ኣፍሪቃ ዘሞትእ ንጹር ልምድታት ዘለዋ ሃገር እያ። መግለጺ ካይሮ ተባሂሉ ዝዝከር፡ ኣብ 1964 ኣብ ግብጺ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ዝተሃጸረ ሕንጻጽ፡ መግዛእታዊ ዶባት ከም ዘብሮ ክቕጽል'ዩ ወሲኑ። እቲ ናይ ሸዑ ውሳነ ዝ. ሕጂ ኢትዮጵያ ተርእዮ ዘላ ግህሰት ንምኽልኻል ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ ነይሩ።

ዝሸቀጠ ዞባ ፍሉያት ይገብሮም። ኤርትራ ምሉእ ዲፕሎማስያዊ ብቕዓት ዘለዋ ከም ምኳና ምስ ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሓያሎ ካልኦት መሻርኽትን ተጻሚዳ ትዓዪ።

ኢትዮጵያ ክትሰግር ዘይትኽእል መማኒ ከኣ እዚ እዩ። ዝተጋህ ታሪኽ ብምጽብጻብ ዘይትሓስ ብናይ ምሕደራ ብቕዓትን ናብራ ህዝቢ ብምርግጋጽን ጸጥታ ህዝቢ ኣብ ምውሓስን እዩ ብቕዓት ሃገርነት ዝምዘን። ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ከቢድ እንክላ እዚታት ብተግባር ኣርእያን ኣማስኪራን እያ። ክሻዋው እቲ ዝልገሰ በልዮናት ዶላራትን ጃህራ ጥንታውነትን ህዝባ ክትምግብ ዘይክኣለት፡ ዶባታ ብዘይ ግጭት ክትሕሉ፡ ህዝባ ብሰንኪ ምምዝባል ካብ ቀጻሊ ሕንፍሽፍሽ ክተድሕን ዘይትኽእል ኢትዮጵያ እያ። ኤርትራ ንመዐየሪ ሞንተቪደዮ ኣጣጢሓ ክትሰግር እንክላ ኣብ ኩለን እተን ዝጥለባ ነጥብታት ሰንደልደል ኢላ ዘወደቐት ግና ኢትዮጵያ እያ።

ይቕጽል . . .



# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## “ኬፍ ዘሎዋ ደና”

*16 ሚያዝያ 2022*

ኣስመራ - 10፡35 ድ.ቐ.

ኣብ ጽንብል ናይ ሓደ ፈታዊና’የ ነይረ። ኣብ ድሕሪት ኮፍ ኢለ ነቲ ዝነበረ ትሕዝቶ እከታተል። ኣብቲ ኣዳራሽ ንዝነበረ ሰብ ብኣዒንተይ ምኹላል ኣይገደፍኩን። ኣብ ከምኡ ጽንብላት ርእየዮም ዘይፈልጥ ሓደስቲ ሰባት ውሑዳት ግን ዝዓጅቡ ነበሩ። መደብ ምስ ተወደአ ብዓል ውራይ ምስ ፈተውቱ ኣብ መድረኽ ይሰኣል ነበረ። ኣብ ቅድመይ ከኣ ክልተ ርእሰን ብስሩዕ ዝዓመማ ኣዋልድ ምስ መራሒ ናይቲ መደብ ብሞባይለን ይሰኣላ። ነቲ ቅድመይ ዘነበረ ትርኢት ከኣ ከወላኦ። ከይፈተኹ ከስተብህለለን ጀመርኩ። እታ ሓንቲ ድቕቕ ኢላ ውዕይ ዝበለት ነበረት። ቀበዝበዛ ባህ በለኒ። ኢደይ ዘርጊሐ ኣብ ዘረክቦ ርሕቀት ሕቘኣም ሂቦሙኒ ብምንባሮም፡ ኢደይ ሰዲደ ሕቘኣ ተንከፍኩዎ። ቀጐሊሕ በለት።

“እንታይ ዘሸግር ኣለኩም ባዕልኹን ንባዕልኹም - ሰልፊ - ትስኣሉ፣ ሃቡ ክስእለኩም፡” በልኩዋ። ከምዚ ዓይነት ፍሽኽታ የለን። ክንድኡ ክመልስ እንተ በልኩ ከመይ ኣቢለ፣ ግዳ እታ ዘላትኒ ፍሽኽታ ሃብኩዋ።

“ኦ ናይስ፣ ታንክ ዩ፡” ኢላ ሞባይላ ኣቐበለትኒ። ዓይኒ ካሜራ ናብኦም ምስ ኣቕናዕኩ፡ ምስለይ ኣብቲ



‘ስክሪን’ ጸንሓኒ። ፍሽኽታ ወሲኹ፡ ነዛ ነብሰይ ክልተ ግዜ ኣልዓልኩዋ። ነቲ ናይ ‘ሰልፊ’ ሞልጉም ጠዊቐ፡ ንእኦም’ውን ክልተ ሰለስተ ግዜ ስኢለ ሃብኩዎም። ምስናይ ቀመጽመጹ ተቐበለትኒ። ሰለተኦም ናብታ ሞባይል ቀኒኖም፡ ነቲ ስእሊ እና’ሕለፉ ክዕዘቡ ጀመሩ። ስእለይ ምስ ፍሽኽታኡ ኰዱም ኢሉ ምስ ጸንሖም፡ ንሳ ኣፋ ከፊታ ቅድም ጠመተትኒ’ሞ፡ ብስሓቕ ተፈርሸሐት። ናብቲ ኣበለት ናብቲ፡ ጸጸኒሓ እንክትጥምተኒ፡ ዓይኒ ንዓይኒ ክንጋጠም ኣምሰና። ኣነ’ውን ብቑላሕታይ ኣ ይ ተ ፈ ለ ኹ ዋ ን ። እንታይ ይኸውን ኣለኹ ኣይተረድኣንን፣ ግን ኣትያትኒ ከም ዘላስ ርግጸኛ ክኸውን እደሊ ነበርኩ። ኣየናይ ክፋለይ’ዩ እንድዒ እምበር ገለታተይሲ ኣግዒዛቶ ነይራ ክትከውን ኣለዋ። ምስ ካልእ ቀራቢተይ ዝቑላሉ መዐሚኡ ዘይፈለጠ ስምዒታዊ ድዩ ፍቕራዊ ቅልውላው ዝነበረሉ ወቕቲ’ዩ።

ፈላሚ ኣብ ጉድነይ ኮፍ ኢሉ ነይሩ። ክዕዘበና ኣምስዩ ድዩ ኣየምሰየን እዝጊ ዋናኡ። “ልእልቲ ትብሃል፣ ከላልየካ እኽእል’የ፡” በለኒ።

“ኣየነይተን፧” ሓተትኩዎ፣ ኣብ ልበይ ዘሎ ከመይ ኢሉ ፈሊጡዎ’ውን ኣዓጀበንን። ዓጂባትኒ ዘላስ ንሳ’ያ። ከምዚ ዓይነት ሕልበት ዝኾነ ናጽነት ዘሎዋ ጓል ከይተላለኻ ክሕለፍ ኣይከኣልን። ፈላሚ ተዘክር ኢሉዎ እምበር፡ ክልተና ብዓይንና ክንተሓላሎ ኢና ኣምሲና። ናባና ምጥማታን ቀመጽመጻን መጭቁርቁራን ኣብ ጥቓና ድሮን ከተብሎ ምቕራባን ኣይተረፈን። ፈላሚ ብምልክት ጸውዓ፣ ድሕሪ ሰላምታ፡ “ምስዚኽ ትፋለጡ ዲኹም? ተላለዩዮ፡ ” በላ። ኢዳን ፍሽኽታኣን ናባይ ብሓደ ግዜ ወርወረቶ። ቅልጣፈኣ ኣሕሲቡኒ ፍሽኽ ኢለ ጠመትኩዋ። ዝተበጥረምኩ ከይመስላ ኢደይ ቀስ ኢለ ሰዲደ ሰላም በልኩዋ።

“ኬፍ ዘሎዋ ደና እብሃል፡” ፍሽኽታኣን ቀመጽመጻን ኣንጺፋ ወርወረቶ። ፍሽኽታኣ ብዙሕ ኣይዓጀበንን፣ ቀምጽመጻ ግን ክጽውዕ ጉዱ’ዩ። ኣዒንታ ከኣ’ባ ገለ ነይሩዎ፣ ናባይ ደሪቖን ክጥምታ እናደለያ ናብ ካልእ ከብላ ክደልያን ኣብ ዘሎ ቅልስ ዝነበራ ይመስላ። “ኬፍ ዘሎዋ ደና” ኢላ ነዛ ነብሳ ‘ኬፍ’ ዝኣክል ቅጽል ክትህባ ከመይ ዝበሉዎ ድፍረት እዩ። ‘ኬፍ’ ደኣ ደፍዲፉ ይሃባ እምበር።

ድሕሪ መደብ፡ ከባቢ ዓሰርተ እንኸውን ፈተውቲ ብዓል ውራይ፡ ኣብ ሓደ መዘናግዒ ማእከል ከይድና ከነዕልል ኣምሰና። ‘ኬፍ ዘሎዋ ደና’ ከኣ ምሳና ነበረት። እንተ ንሳ ግና ኣብ ጉድነይ ዘይኮነ ኣብ ፊተይ ነበረት። ገለ ጸወታ ምሂዘ ፋሕ ከም እትብል ብምግባር፡ ኣብዛ ጉድነይ ኮፍ ከብላ ገለ ጥበብ ክሓስብ ጀሚረ። ኣብ መንጎና ናይ ሰብኣይን ሰበይትን መንፈስ ዝነበሮም ስለ ዝነበሩ፡ ከመይ ኢለ ፋሕ ከብሎም ብምባል ገደፍኩዎ። ዕላል ዓሚሩ ስክፍታ ኣብ ዝተቐንጠጠሉ ህሞት፡ ልእልቲ ‘ናብ ድላያ’ ነቐለት። ጽቡቕ ምሸት ተመንያ ሕቘኣ ሃበትና። ገለ ሜትሮታት ድማ ሰጒመት።

“ተማልእኒ’ባ!?” በልኩ ከይተፈለጠኒ። ዝሰምዓትኒ’ኳ ኣይመሰለንን። ግን ሓውሲ ምግራም ድዩ ስንባደ ዘሎዎ ኣጣምታ ፍርቂ ገጻ ጠውያ ጠሚታትኒ ከደት። እታ ዘረባ ንጀምዓ ኣስሓቐቶም። ድሮ ስክፍታ ድሓን ኰኒ ኢልናያ ስለ ዝነበርና ኣየገደሰንን። ኣነ ከኣ በታ ፍርቂ ገጻ ጠውያ ዝጠመተትኒ ክሓስብ ጀመርኩ። ‘ያላ ሰዓበኒ’ ማለትዶ ትኸውን? ‘እዋይ ንኣኻስ ካልእ መዓልቲ ጥራይ የራኽበና’ ማለትዶ ትኸውን? ‘ከመይ ዝበሉዎ ደፋር’ዩ፡’ ማለትዶ ትኸውን? ... ስቓ ኢለ እንተታት ሓሰብኩላ። እታ ‘ያላ ሰዓበኒ’ እትብል ሓሳብ ከም ላህመት ጸምበለል ስለ ዝበለት ግን ብድድ በልኩ። ንሳ ናይ ሓሙሽተ ደቒቕ ከባቢ ተጓዒዛ ትህሉ’ያ። ክስዕባ ዘኽፍኣለይ ኰይኑ ኣይተሰምዓንን። ብድድ ኢለ ገለ ሜትሮታት ምስ ሰጎምኩ፡ “እዚ’ታ ናበይ ደሊኻ?” በሉኒ ጀምዓ።

“ሸንቲ ማይ ክደፍእ፡” ናብ ዓይኒ ምድሪ ኣመልከትኩ። ኣንፈተይን ኣንፈት ዓይኒ ምድርን ግን ምብራቕን ምዕራብን ነበረ።

ጃምቦ

## ገጻት ህይወት



ኣብ ሆስፒታል ሓዝሓዝ እዩ። ኣላይ ሕሙም’የ ነይረ። ኣብቲ መደቀሲ ናይ ዓበይቲ ዝኾነ ብወገን ላዕሊ ዝርከብ ገዛውቲ እዩ። ኣብታ ኣነ ዘለኹዋ ክፍሊ ኣርባዕተ ሕሙማት ነበሩ። ምስቶም ኣለይቲ ሕሙማት ተላልየ እየ። ምኽንያቱ ቀትርን ለይትን ከተዕልል ኢኻ እትውዕልን እትሓድርን። እትኣልዮ ዘለኻ ሕሙም ኲሉ ድልየታቱ ኣባኻ ስለ ዝምርኰሰ ንኻልኢት’ውን ትኹን ኣይትዛነን ኢኻ። ምናልባት ሕሙም ድቃስ እንተ ወሲዱዎ ቍሩብ ዕረፍቲ ትረክብ። ምስ ሓደ ካብቶም ኣለይቲ ሕሙማት ኣብ ደገ ኮፍ ኢልና ከነዕልል ጀመርና። ወርሒ ወጺኣ መሬት ብርሃን ኰይኑ ነበረ።

“ምስኪናይ ነዛ ህይወቱ ጽቡቕ ነገር ከይፈቐዳ ሓሚሙ፡” ኰሉ ድሕረ ባይታ ናይቲ ንሱ ዝኣልዮ ዘሎ ሕሙም ኣዕሊሉኒ እዩ።

“ህይወት ግን ከመይ ዝበለት ሰግንጢር እያ፡” ወሰኸ ዘረባ። ናይቲ ሰብ ዛንታ ኣዕሊሉኒ ስለ ዝነበረ፡ ብወሸጠይ ‘ሓቁ እዩ፡’ በልኩ። እቲ ሰብ ካብ ብዙሕ ነገራት ዝበኾረ እዩ። ብሰንኪ ሕመቕ ኣይኮነን ወይ ብሰንኪ ስእነት ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ ብሰንኪ ንጽባሕ እናበለ ዝኸዶ ዝነበረ መገዲ ህይወትን ዝመረጾ ምርጫን እዩ።

ተገሪመ፣ ብሓቂ’የ ተገሪመ። ጽባሕ እንታይ ሒዛትሉ ከም እትመጽእ ዘይፈለጠ፡ “ንጽባሕ ... ንጽባሕ ... ንጽባሕ፡” ክብል እነሆ ሎሚ ብኸቢድ ሓሚሙ ይርከብ። እቲ ንጽባሕ ዝብል ኣይጽባሓሉ ዝተባህለ፡ ባይታ ዘይወድቕ ዘረባ እዩ። ነዛ ነብሶም ተካሊኦ ዝኾኑ ሰባት ብዙሓት ኣለው። ይሰርሕ፣ ገንዘብ የካዕብት፣ ነቲ ገንዘብ የቐምጦ። ይሰርሕ፣ ይጐዩ፣ ከም ሕሱም ኣመት ነብሱ ክገብር ግን ኣይርእን። እቲ ገንዘብ ንመኣስ’ዩ ክኾኖ ይገርመካ። ኣላዩኡ እዩ ዘዕልለኒ ዘሎ። ገንዘቡ ተቐሚጡ ከይተጠቐመሉ ... እዝስ እንታይ ኢኻ ክትብሎ። ክልተና ዕላልና ወዲእና ናብ መደቀሲ ሕሙማት ኣተና። ኣነ ግን ክሓስብ ጀሚረ። ብዛዕባ ሰብን ህይወትን።

ህይወት ብዙሕ መገድታት እዩ ዘሎዋ። እወ ብዙሕ ምርጫታት ኣሎዋ። እትሕዞ መገድን እትመርጾ ምርጫን ግን ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። እዚ ግን ንምንባር ዲኻ ትነብር ዘለኻ ዋላ ንህይወት ኢኻ ተስተማቕራ ዘለኻ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ምንባር ብዙሕ ዋጋ ኣይተሓተካን እያ። ህይወት ግን ብዝተፈላለየ ገጻት ህይወት መክኒ ዝኾነ ዋጋ እያ እትሓተካ።

ሰብ ኣብ ትማሊ ድዩ ዝነብር ወይ ንሎሚ ወይ ንጽባሕ፣ ሕስብ ኩብሎ ከለኹ ግን እቲ ዝበዝሐ ሰብ ንጽባሕ እዩ ዝነብር። ምኽንያቱ፡ ኲሉ ሰብ ንጽባሕ ገለ ክሕዝ ኣሎዎ። ጽባሕ እትሓቶ ሕቶ ደፊሩ ክምልስ ምእንቲ፡ ናይ ግድን ብዛዕባ ጽባሕ ክሓስብ ኣሎዎ። ብዘዕባ ትማሊ ዝዝክሮ ሰብ ውሑድ እዩ። ትማሊ ኲሉ ኣብ ህይወቱ ዝነበረ ሓጒስ ይኹን ሓዘን፡ ሰሓቕ ይኹን ብኽያት ተማሊኣቶ ከይዳ እያ። ስለዚ፡ ብዛዕባ ትማሊ ብዙሕ ክዝክር ኣይደልን። እንተ ዘከረ ከኣ ጠጥዕሙ ጥራይ እዩ። ብዛዕባ ሎሚ ግን ይሓስባ ድዩ ኣየሓስባን እጠራጠር እየ።

“እቲ ንሎሚ ጥራይ ዝሓስብ ሰብ ጽባሕ ሃንደበት ትውቶፎ፣ እቲ ንጽባሕ ጥራይ ዝሓስብ ሰብ ሎሚ ከይረኣያ ትሓልፎ፡” ትብል ጥቕሲ ኣላ። እዛ ኣበሃህላ ምስ ነበብኩ እየ ከስተንትን ዝጀመርኩ። ከመይ እዩ ክኸውን ዘለዎ?

ከምቶም “ጽባሕ ፈጣሪ ሒዝዎ’ሎ፡ ” እናበሉ ኲሉ ነገራቶም ኣብ ሎሚ ጥራይ ዝምርኰሱ ዓይነት ሰባት፣ ንብላዕ፡ ንስተ፡ ንከደን፡ ንተሓጐስ ዝብሉ ብጽባሕ ዘይሓስቡ።

ወይ ከምቶም ንጽባሕ ኢሎም ዝነብሩ ዓይነት ሰባት። እታ ሓንትን ዘይትድገምን ዝኾነት ህይወቶም ዝግብኣ ክብሪ ከይሃቡዋ፡ ንጽባሕ ክብሉ ዘዝረኸቡዎ ገንዘብ ኣብ ካሳ እናኣቐመጡ ዝነብሩ፣ ሎሚ ነዛ ነብሶም ጠለባታ ከየማልኡ ንጽባሕ ክብሉ ንናይ ሎሚ ምንባር ይኹን ሓጐስ ዘይንታዮም ዓይነት ሰባት።

ኣብ ትማሊ ዝነብሩ ሰባት ከኣ ኣለዉ። ትማሊ ዝነበሩዎ ክጽብጹቡን ክዝክሩን ህይወቶም ዘሕልፍዎ። “ትማሊ ከምዚ ነይረ፡” “ትማሊ ‘ሓለፈ’ እየ ዝበሃል ነይረ፡” “ከምዚ ሎሚ ከይኮነ ትማሊ ብዙሕ ገንዘብ እሕዝ ነይረ፡” “ትማሊ ፉሉይ ሰብ እየ ነይረ፡” ዝብሉ ዓይነት ሰባት።

ህይወት ናታ ሕግታት ኣሎዋ። ነተን ኣገደስቲ መለክዒታት ግዜን ምንባርን ዝኾና ትማሊ፡ ሎሚን ጽባሕን ኣብ ህይወት ከመይ ገይረ ከም ዝጥቀመለን ኣይፈለጥኩን። ሰለስተኦ ናይ ግዛእ ርእሰን ድልየትን ክምለስ ዘሎዎ ሕቶታትን ኣሎወን። ድልየተን ድዩ ድልየተይ ከማልእ ክምልሶ ዘሎኒ ወሳኒ ሕቶ እዩ።

ሎሚ ኣብ ቅድሜኻ ግትር ኢላ “ክትነብረኒ ኣለካ፡” ትብለካ፣ ጽባሕ ብተራኣ “ተዳሊኻ ጽናሕ፡ ይመጽኣካ ኣለኹ፡” ትብለካ፣ ትማሊ’ውን “ኣይትረስዓኒ፡ ዘክረኒ፡ ኣነ መበገሲኻ እየ፡” ትብለካ።

ሕጂ ንበይነይ ኣብታ ናይቲ ሆስፒታል እንዳ ሻሂ ኰይነ ቡን እናሰተኹ እየ ክሓስብ ጀሚረ። እዛ ህይወት ስለምንታይ እያ ኣዝያ ኣሸጋሪትን ጥዕምትን ኰይና ንኹሉ ትንፋስ ዘሎዎ ፍጡር ናይዛ ዓለም ብዙሕ ዋጋ እተኽፍሎ፧ ገጻት ህይወት እንታይ ይመስል ወይ እንታይ ጽሑፍ ይንበቦ፧ መን እዩኸ ዝጽሕፎ፧ ወይ ሌጣ ጽሑፍ ዘይብሉ ... እንድዒ፣ ዘንበበ ነብሱ ሓቲቱ ይመልሶ’ምበር ንኣይሲ ተወጃቢሩኒ እዩ ዘሎ።

ኮኾብ ተከስተ - ሜካ 74 ኣስመራ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

14 ክፋል

## ዕላማ ህይወት

*“ገዛእ ርእስኻ ብምፍታን ኢኻ ንዓለም ክትቀይራ እትኽእል።” - ኮሎ ኦኖ*

*“ኩሉ ፍቕሪ ካብ እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ፍቕሪ እዩ ዝነቅል።” - ሸርማ ቴጋሽ*

ገዛእ ርእስና ከየፍቀርና፡ ካልኦት ሰባት ከፍቅሩና ዝሕሰብ ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ ገዛእ ርእስና ኣብ ምፍቃር ንጠፋት ክንክነውን ይግባእ። ብኸመይ ንገዛእ ርእስና ምፍቃር ከም እንኽእል እውን ክንሓስበሉ ኣለና።

ገዛእ ርእስኻ ምፍቃር ከም እቲ ብማዕዶ ዝመስሎ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ግዜ ህጻንነትም ብዙሕ ስቅያትን ጭንቀትን ስለ ዘሕለፉ፡ ምስ ዓበዩ ገዛእ ርእሶም ኣብ ምፍቃር ዝጸገሙ ሓደት ሰባት ኣይኮኑን።

ካልኦት ከኣ፡ ነቲ ዝመስረትዎ ዝምድና ጽቡቕ ምስ ዘይከደሎም፡ ነቲ ዝበርሞ ርእሰ ፍቕሪ ከይተረረፈ እዮም ዘጥፍእዎ። እቲ ምንታይሲ፡ ከም እዚኣቶም ዓይነት ሰባት ንገዛእ ርእሶም ኣብ ምንቃፍ ህወጸት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ጽቡቕ ነገሩ፡ ርእሰ ፍቕሪ ልክዕ ከም ርእሰ ተኣማንነት ክተማዕብሎ እትኽእል ክእለት ምዃኑ እዩ። ገዛእ ርእስኻ ምፍቃር እንታይ ማለት ምዃኑ ተገዲስካ ክትማሃሮ ትኽእል ኢኻ። የግዳስ ብኸመይ ኢና ርእሰ ፍቕሪ ክነዋህድ እንኽእል?

ገዛእ ርእስኻ ምፍቃር ማለት ኣብ ገዛእ ርእስኻ ኣድናቖት፡ ፍትወትን እወታዊ ኣረኣእያን ምህላው እዩ። ርእሰ ፍቕሪ ምስ ርእሰ ክብርን ርእሰ ምድንጋጽን ኣመና እተኣሳሰረ እዩ።

ሓያል ስምዒት ርእሰ ፍቕሪ ምስ ዝህልወካ፡ ንናይ ገዛእ ርእስኻ ክብሪ ብዝዓበየ ኢኻ እትርድኦ። ከም ውጽኢቱ ንገዛእ ርእስኻ ብፈቃር መንገዲ ክትኣልዮ ትኽእል።

ገዛእ ርእስኻ ምፍቃር ካብ ሕሉፍ ርእሰ ፍትወት ማለት ናርሲስዝም (narcissism) እተፈልየ እዩ። ናርሲስዝም ማለት ሕሉፍ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምጥሓል እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ብኣሉታ እዩ ዝጥመት።

ብመንጽሩ ርእሰ ፍቕሪ ብእወታ እዩ ዝጥመት። ገዛእ ርእስኻ ምፍቃር ብዘዕባ ብልሚታትካን ድኽመታትካን ጽቡቕ ኣፍልጦ ምህላው እዩ። ብመንጽሩ ናርሲስዝም ብሓፈሻ ምስ ድኹም ኣእምሮኣዊ ጥዕና እዩ ዝተኣሓሓዝ። የግዳስ ልዑል ርእሰ ፍቕሪ እወታዊ ጽልዋ ኣብ ጽቡቕ ህላወኻ፡ ኣእምሮኣዊ ብቕዓትካ ከምኡ እውን ዝምድናታትካ ኣለዎ።

ስለምንታይ እዩ ርእሰ ፍቕሪ ኣገዳሲ ዝኾነ? ርእሰ ፍቕሪ ንኹሉ መዳያዊ ጽቡቕ ህላወና ኣመና ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ገዛእ ርእስና ጽቡቕ ስምዒት እንተ ዘይሃልዩና፡ ገዛእ ርእስና ብጽቡቕ ክንድርኽ ኩቶ ኣይንኽእልን ኢና።

ብዙሓት ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕቲታት ከም ዘመልክትዎ፡ “ስጉምቲ ንኽንወስድ፡ ዕድልና ንኽንጥቀመሉ ከምኡ እውን ሓደስቲ ዕድላት ንኽንፈጥር ርእሰ ፍቕሪ የድልየና እዩ።”

ኣገዳስነት ገዛእ ርእስኻ ምፍቃር ማእለያ የብሉን። ርእሰ ፍቕሪ ንእወታዊ ባህርና ኣዝዩ የንቓቕሖ እዩ። ብመንጽሩ ኑየም ሕማቓት ባህርያትና ይንክዩም። ርእሰ ፍቕሪ ኩንደኽናዊ ስጉምቲ ንኽንወስድ ትብዓት ይፈጥረልና። ንዓና ኣብ ዘኖርብሉና ጉዳያት፡ ‘ኣይፋል’ ንኽንብል እውን ድፍረት ይፈጥረልና።

ኣብ ርእሲ እዚ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእስና እኹል ሓልዮት ክህልወና፡ ጸቕጥና ኣብ ምጉዳል፡ ዓወት ክንነግናጸፍ ኣበርቲዕና ንኽንሰርሕ፡ … ይሕግዘና። ካብ ኣሉታውያን ሓሳባት፡ ርእሰ ዕንወት ከምኡ እውን ንገዛእ ርእስና ልዕሊ ዓቕን ከይንመጥጣ ይከላኸለልና።

መዓስ ‘ኣይፋል’ ክትብል ከም ዘለካ ምፍላጥ ማዕረ፡ መዓስ ‘ሕራይ’ ክትብል ከም ዘለካ ምፍላጥ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ክስቀረና ይግባእ።

ገለ ካብ ቀንዲ ረብሓታት ገዛእ ርእስኻ ምፍቃር እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ንጸቕጢ የጉድል፡ ንጸገማት ክብ የብል

ጸቕጢ ክሰማዕና እንከሎ፡ ኢዩም ጠንቅታት ዝተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ሓደ ካብ እቲ ጠንቂ ኑቲ ኣብ ቅድመና ዘሎ ብደሆ ህይወት ክንገጥሞ ስለ ዘይከኣልና ክኸውን ይኽእል እዩ። ልዑል ስምዒት ርእሰ ፍቕሪ ክህልወና እንከሎ፡ ንኸበድቲ ብድሆታት ብቐሊሉ ክንሰግሮም ንኽእል ኢና። ኣሉታውያን ስምዒታትን ርእሰ ነቐፌታ ሓሳባትን ጸቕጢ ኣብ ምፍጣር መወዳድርቲ የብሎምን።

ኣብ ገዛእ ርእስና ጽቡቕ ክሰማዓና እንከሎ፡ ንጸገማት ኣብ ምፍታሕ ዝሓሸ ብቕዓት እዩ ዝህልወና።

ርእሱፍቕሪን ርእሱድንጋጽን ብቐጥታ ንሓድሕዶም እተኣሳሰሩ እዮም። ልዑል ስምዒት ርእሱፍቕሪ ኣብ ዝህልወና እዋን፡ ንብድሆታት ከም ግዜያውያን ዕንቅፋታት ጥራይ ኢና እንርእዮም። ካብዚ ሓሊፍና እውን ናብ ዝሓሸ ብራኽ ዕብየት ከም እንሰግረሉ ዕድል ክንወስዶ ንኽእል ኢና።

ከም እዚ ዓይነት ኣመለኻኽታ እንተ ኣማዕቢልና፡ ዝያዳ ጽንዓት ኴንና ክንወጽእ ንኽእል ኢና። ርእሰ ድንጋጽን ርእሰ ፍቕርን ኣብ ህይወት ልዑል ጸጋዎት ኣብ ምፍጣር ልዑል እጃም ከም ዘለዎም ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲታት ኣረጋጊጸምዎ ኣለው።

ርእሰ ፍቕሪ ንብቕዓት ኣእምሮና ክብ ኣብ ምባል እውን ናቱ ዝኾነ ተራ ኣለዎ። እወ ካብ ሕማም ኣእምሮ ኣገላጊሉ፡ ጽቡቕ ህላወ ከስተማቕር ዕድል ይፈጥረልና እዩ።

2. ኩንደኽናዊ ስጉምቲ ንኽትወስድ ፍቓደኛ ምዃን

ኩንደኽናዊ ስጉምቲ ክንወስድ ፍቓደኛታት ክንከውን እንከለና፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ልዑል እምንቶ ከም ዘለና ኢና እነጽብርቖ። ኩንደኽናዊ ስጉምቲ ክንወስድ ፍቓደኛታት ክንከውን እንከለና፡ እቲ ውጽኢት ንሕና እንደልዮ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ፡ ነቲ ውጽኢት ብጸጋ ክንቅበሎ ድሉዋት ኢና እንኸውን።

እቲ ዝዓበየ ክፋል ናይ እዚ፡ ገዛእ ርእስኻ ምእማን እዩ። እቲ ዘበርትዖ ወፍሪ ዚ ዝምጥን ምዃኑ ምእማን እውን እዩ። ዚ ሰናርዮ እስከ ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ — ንስኻ እትፈትዎ ሰብ፡ ህጹን ክኸውን ይኽእል ዋላ ዝበለጸ ዓርኩ-መሓዛ ክኸውን ይኽእል፡ ንሱ ሓደሽ ነገር ክፍትን ደልዩ ኣሎ። እቲ ሰብ ዘለዎ ዘይውሑስነት እንተ ኣካፊሉካ፡ “እወ ስግኣትካ ቅኑዕ እዩ፡ ናይ ምፍሻል ዕድልካ ድማ ዝሰፍሐ እዩ።” ኢልካዶ መማኸርካዮ? ዋላስ ዝያዳ ኣተባቢዕካ ዝለዎ ዕድል ብዝዓበየ ክጥቀመሉ መተባብዕካዮ?

ገዛእ ርእስኻ ከተፍቅር እንከለኻ፡ ንዕብየት ዘሎ ዕድል ብቐሊሉ ኢኻ እትለልዮ። ንስኻ እትደምቀሉ ዕድል ሰፊሕ ምዃኑ እውን ብማዕዶ እዩ ዝረኣየካ። ኩንደኽናዊ ስጉምቲ ምውሳድ፡ ንመዘናግዒ ዝማስል ዕዮ ምዕማም ጥራይ ኣይኮነን። ንገዛእ ርእስኻ ዝበለጸ ዕድል ንኽትዕወት ዓብ ምርሓው ከኣ የጠቓልል እዩ።

ኣብ ናይ ምኞት ዞና ጥራይ ምንባር፡ ዝያዳ ዕዉታት ክንበርና ከም ዘይክእል ንኸልና ከስወጠና ይግባእ። ክንዲ ዝኾነ፡ ካብኡ ወጺእ ኢልና ሓደሽ ብደሆ ምፍታን ተመራጺ እዩ።



## ርእሰ ፍቕሪን ሓልዮትን

ርእሰ ፍቕሪ ወይ ገዛእ ርእስኻ ምፍቃር ክበሃል እንከሎ፡ ንገዛእ ርእስኻ ምሕጓስ ወይ ምርባሕ ኢሉም ዝትርጉምዎ ሰባት ኣለው። ገለ ሰባት ንገዛእ ርእስኻ ምፍቃር ከም መሰረታዊ ድሌት ደቂ ሰብ ገይሮም ዝርድእዎ ኣለው። ብመንጽሩ ካልኦት ሰባት ንርእሰ ፍቕሪ ከም ካብ ስነ ምግባር ወጻኢ ምዃኑ ምስ ኣሕነት ወይ ምስ ስስዐ ዘተኣሳስርዎ ኣይተሳእኑን።

ጉታማ ቡድሃ ንርእሰ ፍቕሪ ‘ሱር ኩሉ እከይ እዩ።’ ብምባል እዩ ንሰዓብቱ ዝምህርዎም ነይሩ። ብዓል ኮንፈሽየስ እውን ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ እዮም ዘቕርቡ ነይሮም።

ቅድሚ 20 ዘመን ዝነበሩ ፈላስፋታት መብዛሕትኦም ኣብ ርእሰ ፍቕሪ ጽቡቕ ኣረኣእያ ኣይነበሮምን። ዘመናውያን ፈላስፋታት እዮም ንርእሰ ፍቕሪ እወታዊ ትርጉም ክህብዎ ጀሚሮም። እወ ንርእሰ ፍቕሪ ምስ ርእሰ ክብሪ እናተኣሳሰሩ ይምህሩሉ ኣለው።

ርእሰ ፍቕሪ ማለት ንኣካላዊ፡ ስነ ልቦናውን መንፈሳውን ዕብየትካ ብተግባር ምስራሕ እዩ። ርእሰ ፍቕሪ ማለት ንጽቡቕ ህላወኻን ሓጎስካን ልዑል ተገዳስነት ምሃብ እዩ። ርእሰ ፍቕሪ ማለት ንድሌታትካ ብዝዓበየ ምዕጋብ እዩ። ርእሰ ፍቕሪ ማለት ካልኦት ሰባት ክሕግሱልካ ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ዘይምህሳይ እዩ። ርእሰ ፍቕሪ ማለት ትሕተ ዝዓበኣካ ዘይምጥቃዕ እዩ።

ርእሰ ፍቕሪ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝተፈላለዩ ትርጉማት ክህብ ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ነፍሲ ወከፍና ንገዛእ ርእስና ብዝተፈላለዩ መንገድታት ኢና እንሕብኖ። ንስኻ ንርእሰ ፍቕሪ እትህቦ ትርጉም ንጥዕና ኣእምሮኻ ኣመና ወሳኒ እዩ።

ንገዛእ ርእስና ክንሕልዮ እንከለና
- ንብልሚታትናን ድኽመታትናን ብሓልዮትን ኣድናቖትን ክንቅበል እንከለና
- ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ሓልዮት ክንርኢ ዝሓሸ ዕድል እዩ ዝህልወና። ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጽቡቕ ኣረኣእያ ክነማዕብል እንከለና፡ ዝያዳ በቕዓቱ ወይ ሓሊዩቲ ንኸውን።

ሓልዮት ምስ ሰባት ዝያዳ ምትእስሳር ይፈጥረልና። ናትና ኩይናም ከም ዝሰምዑና ድማ ይገብረና። ኣብ ሰባት ዘለና ሓልዮት ክብ ክብል እንከሎ፡ ተፈጥሮኣዊ ተገንዘቦናን ስነ ልቦናዊ ተዓጻጻፍነትናን ዝያዳ እዩም ዝማሓየሹ። ንጸገማት ሰባት ልክዕ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ከም እተፈጸመ ገይርካ ክትርእዮ ብቑዓት ተጥሪ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኣብ ናይ ምብህሃል ብቕዓትካ ዝርአ እወታዊ ለውጢ እውን ቀሊል ኣይኮነን።



ሓደ ካብ ረብሓታት ርእሰ ፍቕሪ፡ ርእሰ ኣድማዕነት እዩ። ንርእሰ ኣድማዕነት ሰለስተ ክፋላት ኣለውዎ። ንሱ’ዩም ከኣ፡ ካልኦት ሰባት ከዕውቱ ክትርኢ ምድላይ፡ ናይ ገዛእ ርእስኻ ተመክሮ ብዝዓበየ ምጥቃም ከምኡ እውን ብኻልኦት ሰባት ተቐባልነት ምርካብ እዮም። እቲ ናይ መወዳእታ ነጥቢ ብዛዕባ ገዛእ ርእስናን ክእለትናን ጽቡቕ ከም ዝሰምዓና ዝገብር እዩ።

ርእሰ ፍቕርና ክብ ክብል እንከሎ፡ ሓደስቲ ክሪት ንኽንሰርሕ ኣዚና ኢና እንነቓቓሕ። ኣብ ክእለትና ልዑል እምንቶ ነማዕብል። ካብ እዚ ሕጂ ዘለናዮ ንላዕሊ ዝበለጸና ክንከውን ልዑል ባህጊ ነሕድር። እዚ ኣብ ምህናጽ ርእሰ ኣድማዕነት ልዑል እጃም እዩ ዘለዎ።

እቲ ኣብ ገዛእ ርእስናን ኣብ ክእለትናን ምእማን እነጥርዮ ዓቕሚ፡ ሽቶና ኣብ ምውቃዕ እምበር መጠን እዩ ዝሕግዘና። ንዘጋጥሙና ብድሆታት ሰጊርና፡ ዝበለጸ ህይወት ከስተማቕር ከኣ የኽእለና።

ርእሰ ፍቕሪ ‘ደረትካ ኣብ ምምልካት’ ዘለዎ ረብሓ፡ ኣቓሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ገለ ሰባት ንዘዝብርዎን ዘይጌብርዎን ‘ሕራይ’ ምባል ዝሰለጦም ኣለው። እዚ ካብ ጽቡቕ ሕልና ዝተላዕለ ክኸውን ይኽእል እዩ። የግዳስ ኣብ ልዕሊ ዓቕምኻ ዝኾነ ጉዳይ፡ ንኽትሕግዝ ሕራይ ምባል፡ ናብ ዝኸፍአ ጽልእን ጭንቀትን ክሽምመካ ይኽእል እዩ።

እዮም ልዑል ርእሰ ፍቕሪ ዘለዎም ሰባት መዓስን ንመንን ክሕግዙ ዓቕሚ ከም ዘለዎም ኣጸቢቖም ይፈልጡ እዮም። ነቲ ልዕሊ ዓቕሞም ዝኾነ ሕቶ ሓገዝ ምቕባል ኢሎም ኣይፋል ክብሉ ኩቶ ኣየሰክፎምን እዩ። እቲ ልዕሊ ዓቕሙ ተማጠጡ ክሕግዝ ዝሕልን ሰብ፡ ተመሊሱ ናብ ተሓጋዚ ደረጃ እኳ ክወርድ ይኽእል እዩ።

ጥዕና ዘለዎ ርእሰ ፍቕሪ ማእለያ ዘይብሎም ረብሓታት ኣለዎ እንተ ደኣ ኢልና፡ ሕጽረት ርእሰ ፍቕሪ ገለ ጸገም ከም ዘስዕበልና ንምምጉቱ ዘጸግም ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ገለ ካብ እዮም ምልክታት ዋሕዲ ርእሰ ተኣማንነት፡ እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይኽእሉ እዮም፥

- ፍጹምነትን ዋሕዲ ፍሽለትን።
- ንርእሰ ሓልዮት ምውጋድን ዕሽሽታ ውልቃዊ ድሌታትን።
- ንመርዝም ወይ ዓላቒ ዝምድናታት ልዕሊ ንቡር ምጽማም።
- ኣይፋል ክትብል ምጽጋምን ልዕሊ ንቡር ምውፋይን።
- ብዘጠቕምን ዘይጠቕምን ምስ ካልኦት ሰባት ምንጽጻር።
- ኣሉታዊ ርእሰ ዘርርብ ከምኡ እውን ቀጻሊ ርእሰ ነቐፌታ ምቕራብ።
- ጥዕና ዘለዎ ናይ ውልቃዊ ህይወትካ ዶብ ክትሕንጽጽ ዘይምኽኣል።
- ልዕሊ ንቡር ግዳማዊ ኣፍልጦ ክትረኽብ ምሕላን።
- ኣብ ርእሰ ዕንወት ዘስዕቡ ባህርያት ምጽማድ።
- ሕዱር ስምዒታት ዘይብቕዖት።

*“ገዛእ ርእስኻ ኣፍቅር፡ ብኸመይ ሰባት ክሕዙኻ ከም ዘለዎም ንጹር መረዳእታ ይህልኻ፡ ንኽብርኻ ወትሩ ኣይዕዳይካ ፍለጥ።” - ማርያም ዛኪ*

*“ኣነ ናይ ገዛእ ርእሰይ ቤተ ፈተነ እየ፡ ኣነ ናይ ገዛእ ርእሰይ ዕዮ ጥበብ እየ።” - ማዶና*

ይቕጽል

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Project Engineer**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Project Engineer will lead the execution of TMF lift 5 capital project, with responsibility for engineering planning, procurement, and delivery.
- This role requires a strong focus on knowledge transfer and mentoring, supporting the development of Engineers, Supervisors, Crew Leaders, and Project Crew to ensure effective execution.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Prepare, schedule, coordinate, and monitor assigned capital project engineering activities
- Ensure compliance with relevant codes, standards, QA/QC policies, and performance specifications
- Engage daily with clients and project owners to interpret requirements and represent their interests on-site
- Oversee quality control across budget, schedule, plans, and team performance; provide regular status updates
- Assign tasks and actively mentor project team members to build technical and leadership capability
- Collaborate effectively with Supervisors and other stakeholders to deliver technical support and resolve issues
- Review engineering deliverables and initiate timely corrective actions to maintain project integrity.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Executing
- Closure

**Unique requirements/other information**

- Attention to detail and ability to enforce engineering standards as required by specifications.
- Excellent understanding of quality management systems on complete project life cycle.
- The TMF Project Engineer shall have good experience in dealing with diverse work groups which is common on international projects.
- The candidate must be physically and medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Technical degree registered Engineer of Civil/Mining<br>○ Certification from an internationally recognized engineering body | ○ Minimum 10 years of continuous experience in a similar role within mining, engineering, or construction<br>○ 10–15 years of project experience in industrial or mining environments<br>○ Proven track record of leading and managing project planners, cost controllers, and estimators/QS over 10–15 years<br>○ Strong familiarity with Tailings Management Facility (TMF) construction and interface<br>○ Advanced understanding of project engineering and project lifecycle management<br>○ Demonstrated ability to formalize engineering procedures, templates, and project structures<br>○ Extensive experience in Capital Expenditure (CAPEX) preparation<br>○ Proficient in project cost control systems, scheduling, and planning software including Primavera and Microsoft Project; skilled in risk analysis<br>○ High-level expertise in Microsoft Office Suite, particularly MS Excel |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| ○ Proven working experience as a Project Engineer<br>○ Advanced MS Office skills include MS Projects<br>○ Familiarity with engineering rules, regulations, best practices and performance standards<br>○ Ability to work with multiple discipline projects<br>○ Project management and supervision skills | ○ Live and breathe Bisha Core Values<br>○ Interpersonal skills<br>○ Ability to work under pressure<br>○ Results oriented<br>○ Good interdepartmental communication<br>○ Ability to work in multi-disciplinary environment<br>○ A commitment to safe work practices<br>○ Self-motivation and organisation and planning skills<br>○ Strong communication skills, written and oral<br>○ A willingness to transfer knowledge to a national workforce.<br>○ Ability to mentor the workforce |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Surveyor Assistant**
**Number required – (06)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- To assist surveyors in their daily tasks and activities.
- Able to assist the surveyor in accomplishing the daily field activities.
- To perform any or other duties and functions assigned by Chief Surveyor, the Senior Surveyor and the Mine Surveyor.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**Safety**

- Able to perform Hazard identification before a start of all assigned task or work.
- Good housekeeping for the survey offices, equipment, stores and vehicle.
- Wear personal protective equipment including hard hat, steel toe shoes, safety glasses, respirators, wet suits, earplugs, gloves, or any other equipment to perform duties safely.
- Hear sufficiently to distinguish various pitches of warning alarms, including heavy equipment back-up alarms, blast sirens, fire alarms and various warning alarms in mills and shops.

**Surveying**

- Assist experienced Surveyors in laying out blast patterns, including marking holes, painting dots on holes, surveying in end holes with field computer and turning in data for input into system.
- Assist experienced Surveyors in flagging blasted material, including establishing proper ore control by surveying in dig polygon boundaries to define lines between material types, carrying wooden stakes in a bundle weighing up to 10 kilograms to the blast site, pounding stakes into blasted ore, attaching ribbon to the stakes and placing color-coded cardboard placards with polygon numbers at site.
- Assist experienced Surveyors with elevation control by determining benchmarks and grades.
- Assist experienced Surveyors in control of pit and bench limits, by looking for problem areas and determining line definition.
- Operate small hand tools such as saws and hammers weighing up to 3 kilograms.
- Operate surveying equipment including a tape measure, a compass, a laser level and other equipment as assigned.
- Hold and operate a telephone or radio with sufficient voice and hearing to carry on a conversation for the purpose of issuing directives and providing feedback.
- Walk and stand on uneven and wet surfaces for extended periods of time.
- Perform continuous and repeated bending, stooping, lifting, and carrying at waist level and over the shoulder, tools and other items including rods, survey tools and equipment weighing up to 25 kilograms for the purpose of transporting from storage to vehicle, from vehicle to work sites and back to storage.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Secondary schooling to intermediate level<br>• Already been enlisted in the army. |
| Working Experience – Nature & Length | • Entry level. Survey Assistance experience is desirable but not required. |
| Technical Skills | • Read and write English<br>• Read and understand mine plans<br>• Computer skill desirable |
| Behavioral Skills | • Integrity and ethics<br>• Focus and personal drive<br>• Pro active<br>• Flexible and Adaptable<br>• Charismatic |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ናዝሬት ዘርኣዝጊ ወልደይ ዘርኣዝጊ በርሀን ስምኦም ንብረዝጊን ስለዝዋረፉ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ 1 ተተካኢት ጓል ሓወይ ወራሲቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣቶ ሞኣዝጊ ተወልደ ነጋሲ፡ ኣቦይ ተወልደ ነጋሲ መሳ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ወራሲቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምዕራፍ ሓፈሻዊ ኤሌክትሮኒክስ ሓ.ዝ.ብ.ማ ንዕለት 02/10/2025 ዘዳለዎ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ማሕበር ጸዋዕ ከምዝበረ ይዝከር። እንተኾነ ግና ምልኣት ጉባኤ ስለዘይኣኸለ ክካየድ ኣይተኻእለን። እዚ ሕጂ ንኻልኣይ ግዜ ንኹሎም ኣባላት ማሕበር ንዕለት 20/10/2025 ክርከቡ ይጽውዑ። ኣብዚ ዕለት ምስዘይትርከቡ፡ በቲ ዝተረኽቡ ኣባላት ውሳነ ክሕለፍ ምኳንና ንሕብር። ኣኼባ ዝካየደሉ ዕለት 20/10/2025 ልክዕ ንግሆ ሰዓት 9፡00 ኮይኑ፡ ኣብ ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ማሕበር እዩ።

ምዕራፍ ሓፈሻዊ ኤሌክትሮኒክስ ሓ.ዝ.ብ.ማ

### ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ትካል ኢንስቲትዩት መጸናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካሉ ንዓመት 2026 (ካብ ወርሒ 01/2016 ክሳብ ወርሒ 12/2026) ዘድሊ ቀረብ መግቢ ሰጋ ከብትን ጠለ በጊዕን ክዕደግ ስለ ዝደሊ፣ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
2. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2024 ግብሪ መኽፈልቲ ከም ዝኸፈሉ (ክሊራንስ)ን የቕርቡ።
3. ተጫረትቲ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰነድ፡ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ (09) ካልኣይ ደርቢ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ይወስዱ። ቴሌፎን 202360
4. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 24/10/25 ሰዓት 9፡45 ቅ/ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ጨረታ፡ ተጫረትቲን ሕጋውያን ወኪላትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ 09 ዕለት 24/10/25 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
5. መኽበሪ ጨረታ (CPO) 100,000.00 ናቕፋ (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ይቐርብ።
6. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
7. ትካል ኢንስቲትዩት መጸናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካሉ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ትካል ኢንስቲትዩት እምባትካላ

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጸጸራት ዚፕ ኮድ 1-A-185 ጎደና 127-30 ኣብ ፕሎት 008 ቁጽሪ ፓርስል ዞን ASP-00045151 ፓርስል J ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1-003906 ብስም ኣፍ/ዳዊት ዘርኣይ ጉብረርግስ ዝተመዝገበ ገዛ ብዘረጋግጸናዮ ወረቓ መሰረት ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳት ኣቕሪብና ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምኳንና ንሕብር።

ትብለጽ ወልደሩፋኤል ወልደሰላሴ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 04፡ ዞን 07፡ ብሎክ 01፡ ዚፕ ኮድ 6K-1371፡ ብመለለይ ቁ.ንብረት 6፡000384 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ፡ 355.26 ት/ሜ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊኡ 11 መደቀሲ ክፍሊ 6 መኻዝን፡ 1 ክሽነ፡ 4 ዓይኒ-ምድሪ ምስ መካዩብያ ዘለዎ፡ ብስም ጸጋ ሃይለ ደምጹ ዝተመዝገበ፡ ምስ 2 ኣሕዋተይ ብህያብ ዝጸሓፍና፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኳነይ እሕብር።

ቴድሮስ ሰለሙን ሃይለ +2

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 04፡ ዞን 03፡ ብሎክ 77፡ ዚፕ ኮድ 6K-1946፡ብመለለይ ቁ.ንብረት 6፡000011/2 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ፡ 240 ት/ሜ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊኡ 2 መደቀሲ ክፍሊ፡ 2 ተሓጋጋዚት ክፍሊ ምስ መካዩብያ ዘለዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብስም 1. የርሳሌም ደብሩ ዓንደብርሃን፡ 2. ዑቕባይ እምባየ ዘወልዲ ዝተመዝገበ ዝዓደግክዎ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኳነይ እሕብር።

ታቦቱ ተዓገዎ ባርያይ

## NOTICE

The Shareholders of TESFAY-MILAN SEE THE SEA plc. In the extra-ordinary meeting they held on September 15, 2025 have resolved.

1. To increase the capital of the company from Nakfa 10,500.00 to Nakfa 13,100.00 and
2. To Issue 260 new shares in the name of Tesfay Tekeste Berhe.
3. Accordingly, Articles 1&5 0f the Memorandum of Association of the Company is amended to read as follows;

Article 1. Shareholders and the Shares

| | Name of Shareholder | Nationality | Address | Shares |
|---|---|---|---|---|
| 1 | Tesfay Tekeste Berhe | Eritrean | Asmara | 1036 |
| 2 | Mrs. Ghenet Tesfahiwet | Eritrean | Milano | 137 |
| 3 | Mrs. Freweyni Tesfay | Eritrean | Milano | 137 |
| | Total | | | 1310 |

Article 5 Capital

The capital of the Company is Nakfa 13,100.00 (Thirteen Million one hundred thousand Nakfa). All capital is issued, subscribed and paid in kind & cash.

TESFY-MILAN THE SEA plc

ን'ብስራት
ሚእቲን ዕስራን ግጥሚታት ዝሓዘት
ኣብ ብዙሕ ገጻት ሕይወትና
ኣድሂባ ዝተዳለወት - - -
ሓዳስ መጽሓፍ
"ዓይነኻ ርአ"
ብ'ርትዓዊ ዋጋ ኣብ ኩሉ ኣብያተ መጻሕፍቲ
ተዘርጊሓትልኩም ኣላ!
ዓዲግኩም ንበብዋ!
ንዓኻትኩም ዝጠቅም ቀዉም ሓሳባት ከም
እትረኽቡላ ርግጸኛታት ኢና!
ተሌ. 07441975/07427255



# ጸጋታት ባሕሪ

## ፍሉይነት ጸጋታት ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ

ተመስገን ገብረመስቀል

ብዙሕ እዋን ብዝዕባ ቁመት፣ ስፍሓት፣ ዕምቈትን ብዙሓት ደሴታትን ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራን ዘለዎ ስትራተጂካውን ጂኦፖለቲካውን ኣገዳስነትን ኣልዒልና ንዛረብ ኢና። ብዚ መንጽር ድማ ሃገርና ኤርትራ ከም ኩለን ኣብ ገማግም ባሕሪ ተደኲነን ዘርከባ ሃገራት ዝተፈላለዩ ጸጋታት ባሕሪ ዝተዓደለት ምዃና ርዱእ'ዩ። እንተኾነ ግና ገለ ጸጋታት ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ካብ'ቶም ካልኦት ንቐይሕ ባሕሪ ይኹን ንኻልኦት ማያዊ ኣካላት ኣዋሲበን ዘለዋ ሃገራት ብፍሉይ ዝጥመቱ ምኽንያታት ምህላው ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።

ምዕባይ መረዳእታ ወይ ኣፍልጦ ሃገርና ዘለዋ ዕቑር ባህርያዊ ጸጋታት ወሳኺ እንተኾነ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር ግን ከዞ ኣፍልጦ ሓሊፍና ንዘለና ጸጋታት ብዘላቒ ኣገባብ መዘምዘምና ኣብ ዕቤት ቀጥባ ሃገርና ኣበርክቶ ንኽህልዎ ምስራሕ እዩ። ከም እንፈልጦ ዝበዝሐ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከባቢታት ዝነብር ኮይኑ፣ ምስ ባሕሪ ዘለዎ ዝምድና ኣዝዩ ድሩት እዩ። ስለዚ እምበኣር ከም'ቲ ብደምናን ረሃጽናን ልኡላውነትን ክብርን ሃገርና ዘረጋገጽናዮ፡ ኑቲ ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ ዝበለ ቃልሲ ንናጽነት ዘዐወተ መሪሕ ስሉ ሓሳብ ብምኽታል፡ ህዝብና ኣብ ባሕርን ጸጋታቱን ዘለዎ ኣፍልጦ ብምብራኽ፡ ጸጋታት ባሕሪ ብዘላቒ ኣገባብ ንምምዝማዙን ብሓላፍነት ናብ ወለዶታት ንምስግጋሩን ብዘኽእል ኣገባብ ምውዳቡን፡ ዕምምት ዘሎልጥ ቴክኖሎጂ ምዕጣቒን ናይ ግድን ዝኸውን።

ልዕል ኢልና ባህርያዊ ኩነታት ባሕርና ዝተፈልየ ምዃኑ ጠቒስና ነይርና። እቲ ፍሉይ ዝገብሮ ምኽንያታት ብዝተፈላለዩ ደረጃታት ዕምቆትን ስፍሓትን ክግለጽ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ብሕጽር ዝበለ መልክዑ ብመንጽር ኣርባዕተ ነጥብታት ማለት፡ ኣብ ኣቃውማ ትሕተ-ማያዊ ባይታ ባሕርና፡ ፊዚኮ-ኬሚካላዊ ባህርያት ማይ ቀይሕ ባሕሪ፡ ክሊማዊ ኩነታትን ህይወታዊ ብዙሕነትን ክጠቓለል ይኽእል።

እዞም ኣርባዕተ ነጥብታት ብሓፈሻ ንቐይሕ ባሕሪ ዝምልከቱ ክኾኑ እንከለው፡ ገለ ድማ ብፍሉይ ንባሕሪ ሃገርና ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ነዞም ኣርባዕተ ነጥብታት ብምዝርዛር ዝፍልዎ ጽሒፋና ድማ፡ ምስ ህይወታውያንን ዘይህይወታውያንን ጸጋታት ባሕርና ዘለዎም ምትእስሳር ብምብራህ፡ እቶም ካብ ባሕርና ክርከቡ ዝኽእሉ ጸጋታትን ኣብ ዕቤት ቀጠባ ዝህልዎም ኣበርክቶን ብመንጽር ጽሒታት በብክፋሉ ክደህሰስ እዩ።

1. **ኣቃውማ ትሕተ-ማያዊ ባይታ ባሕርና**

ትሕተ-ማያዊ ባይታ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ሰሜናውን ደቡባውን ክፋሉ ዝተፈላለየ ኣቃውማ ዝሓዘ እዩ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ብፍላይ ከኣ ካብ ከባቢ ጠያ ንደቡብ ዝሰፍሐን ብተቐማጢ ዝቐረበ ዕምቈትን ዘለዎ ክኸውን እንከሎ፡ ሰሜናዊ ክፋሉ ድማ ብተቐማጢ ቀልጢፉ ናብ ዕምቈት ዝኣቱ እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ መብዛሕትኡን ካብ'ተን 354 ደሴታትና ኣብ ማእከላይ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ዝርከባ ኮይነን ፍሱ ወሰፍ ደሴት ናታ ኣቃውማ ኣለዋ። ዝበዝሓ ደሴታትና ከም ደሴት ዳህላክ ከበርን ኣስራቱን ቀደሚ ኣሽሓት ዓመታት ሞይቶም ናብ ኣኻውሒ ዝተቐየሩ ዕምባባታት ባሕሪ ዝቖማ ክኾና እንከለዋ፡ ከም ደሴት ደሴ ዝኣመሰለ ድማ ካብ እሳተ-ጎመራዊ ኣኻውሕ፡ ካልኦት ከም ብዖል ደሴት ማይዳት ድማ ካብ እኩብ ከምራ ሑጻ ዝቖማ እየን። ብሓፈሻ ኩለን ደሴታት ካብ ኣዝዩ ሓጺር ናይ ሓደ ሜትሮ ብራኽ ልዕሊ ጽፍሒ ባሕሪ ክሳብ 35 ሜትሮ ዝበጽሕ ብራኽ ኣለወን። እዚ ዝተፈላለየ ዓይነት ተፈጥሮኣዊ ኣቃውማ ደሴታትና ድማ ሃብታም ናይ ጸጋታት ዕድል ይፈጥር።

2. **ፊዚኮ-ኬሚካላዊ ባህርያት ማይ ቀይሕ ባሕሪ**

ዓቐን ጨዋምነት ቀይሕ ባሕሪ ካብ 35-40 PPT ወይ ሹሓዊት ዝበጽሕ ኮይኑ፡ ካብ'ቶም ኣዝዮም ጨዋማት ዝበሃሉ ማያዊ ኣካላት ዓለምና እዩ። እዚ ድማ ብቐንዱ ቀይሕ ባሕሪ ብምድረብዳታትን ሓውሲ ምድረ-በዳን ዝኸበ መሬት ተኸቢቡ ስለ ዝርከበን ናብኡ ዝፈሱ ውሓይዝ ስለ ዘየለውን እዩም ዝርከቦም ኣብ ግዜ ክረምቲ ናብኡ ዝፈስሱ ሩባታት ድማ ኑቲ ብሰንኪ መቐት ካብኡ ዝሃፍፍ መጠን ማይ ክትካእ ዘይክእል እዝዩ ውሑድ ማይ ስለ ዘፍስሱ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ቀይሕ ባሕሪ ምስ'እ ብምስእ ኣብ ትሮፒካዊ ክፋል መሬት ስለ ዝርከብ ምሉእ ዓመት ንጨራ ጸሓይ ዝተቓልዐ ኮይኑ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ማይ እዩ ዘሃፍፍ። ቀይሕ ባሕሪ ብደቡብ ብባብ-ኤል መንደብ ምስ ህንዳዊ ውቅያኖስ ብሰሜን ድማ ብመትረብ ስወዝ ምስ ማእከላይ ባሕሪ ዝራኸብ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ክልቲኡ ጫፋት ዝኸሰት ምትሕውዋስ ናይ ማይ ንጨዋምነት ቀይሕ ባሕሪ ክቕንሶ ዝኽእል ኣይኮነን። እዚ ምሕር ጨዋምነት እዚ ድማ ቀይሕ ባሕሪ ኣዝዩ ዝተፈልየ ፊዚኮ-ኬሚካላዊ ባህርያት ንኽህልዎ ይገብር።

3. **ክሊማዊ ኩነታት**

ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝዳወባ ሃገራት ብምድረበዳዊ ባህርያት ዝዎብለሉ ኩነታት ኣየርን መሬትን ዝቖማ ክኾና እንከለዋ፡ ሃገርና ዝሓሸ ክሊማ ትውንን። እዚ ድማ ገማግም ባሕርና ንሸነኽ ምዕራብ ቀይሕ ባሕሪ ስለ ዝርከቡ፡ ካብ ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ ዝበገሱ ንፋሳት፡ ንምድረበዳታት ማእከላይ ኤስያ ሰጊሮም ካብ ቀይሕ ባሕሪ ጠሊ ወሲዶም ናባና ስለ ዝኣትዉ፡ ኣብ ምርግጋእ ኩነታት ኣየር ገማግም ባሕርና ዓቢ ተራ ኣለዎም። እዚ ከኣ ሳዕሞቲ ኣዕዋፍ ካብ ብርቱዕ ውርጪ ሓጋይ ንምህዳም ካብ ኤውሮጳ ናብ ደሴታትናን ገማግም ባሕርናን ሳጊሞን ብምምጻእ ዝፋረያሉን ዝዕቆባሉን ምቹእ ባይታ ይፈጥር። ብተወሳኺ ካብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ተበጊሱ ናብ ሰሜን ገጹ ዝውሕዝ ትሕተ-ማያዊ ዋሕዚ ማይ ባሕሪ ዝሓለፈን ልዑል ትሕዝቶ ማዕድናትን ዘለዎ ማይ ብምምጻእ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ባሕርና ዝርከብ ማይ ኣብ ግዜ ምውዒቕ ወርሓት ግንቦት - መስከረም ኣብ ምዝላሉን ማዕድናት ኣብ ምምጋቡን ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር።

4. ህይወታዊ ብዙሕነት

ብመንጽር እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ሰለስተ ነጥብታት ክርአ እንከሎ፡ ህይወታዊ ብዙሕነት ቀይሕ ባሕሪ ካብ ካልኦት ዝተፈልየ እዩ። እዚ ድማ ብደረጃ ብዙሓት ዓሌታት ይኹን ብዝለዎም ብዙሓት ክርአ ይከኣል። ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ካብ'ቲ ማእከል ህይወታዊ ብዙሕነት (Center of Biodiversity) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ከባቢ ማለኸርያን ኢንዶኸርያን ዝርከብ ማያዊ ኣካል ኢንዶ-ፓስፊክ እናረሓቕካ ክትከይድ እንከሎኻ፡ ህይወታዊ ብዙሕነት እናወሓደ እዩ ዝኸይድ። ኣብ ባሕርና ምስ እንርኢ'ውን ካብ ሰሜናዊ ክፋል ኣብ ማእከላይን ደቡባውን ክፋል ዘሎ መጠን ህይወታዊ ብዙሕነት ይዓቢ። ኣብ ርእሲ'ዚ መብዛሕትኡ ከም መንበሪ ዓሳታትን ካልኦት ህይወታውያንን ኮይኑ ዘገልግል ማሕደሮታት ኣብ ዕምባባታት ባሕሪ፡ ሳዕሪ ባሕርን ኣግራብ ሾራን ዘለወዎ ቦታታት ዝተደኮነ ስለ ዝኾኑ፡ እቲ ስርዓተ-ማሕደሮታት ህይወታውያን ባሕሪ ኣብ ማእከላይን ደቡባውን ክፋል ባሕርና ይርከብ። ብተወሳኺ ናይ ጭቃ ባህርያት ዘለዎ ትሕተ-ማያዊ ባይታ ባሕሪ'ውን ስለ ዘሎና፡ ኑቶም ኣብ ከምኡ ዓይነት ቦታ ዝነብሩ ከም ጋምቤሪ ዝኣመሰሉ ቀጠባዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ህይወታውያን ባሕሪ ንኽፋረዩን ንኽበዝሑን ምቹእ ባይታ ይፈጥር። ብዘይካ እዚ'ውን ዓመት ምሉእ ብቐዋሚ ክግሐፉ ዝኽእሉ ዓሳታት፡ ብወቕቲ ዝመጽኡ'ውን ኣለው። ከም ኣብራ ናይ ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉ ዓሳታት እዮም ብልሙድ ወዚፍን በለምን (Anchovies and Sardines) ተባሂሎም ዝጽውዑ ደቀቕቲ ዓሳ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ካብ ዓሳታት ወጻኢ ብፍሉይ ክርአዩ ዝኽእሉ ጸጋታት ናይ ጸህያይ ባሕርን ሳዕሪ ባሕርን፡ ዘይዓጸምቲ እንስሳታት ከም ሕድራ (Sea Cucumber) ዝኣመሰሉ'ውን ኣለዉ። ገለ ካብ'ዚኦም ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንመግቢ ደቂ-ሰብ ክውዕሉ ዝኽእሉ ክኾኑ እንከለው፡ መብዛሕትኦም ኣብ ኢንዱስትሪ ምድላው መድሃኒት ብዘለዎም ወሳኒ ተራ እዮም ዝፍለጡ። ኑቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ፊዚኮ-ኬሚካላዊ ባህርያት ማያት ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተገበሩ ሓደ ሓደ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ ድማ፡ ፍሉያትን ቅድሚ ሕጂ ዘይተረኽቡን ባእታታት ዝሓዙ ዓሌታት ሳዕሪ ባሕርን ስፖንጅን ኣብ ባሕርና ከም ዝርከቡ ክረጋገጽ ተኻኢሉ እዩ። ኣብ ቀጻሊ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ክትግበር ብዝኽእል ወፍርን መጽናዕትን ድማ ዝያዳ ዝዋጻቒን ዝሰፍሐን ወጽኢት ክህብ ዝኽእል ርኽበት ክርከብ ከም ዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ሰለስተ ነጥብታት ተደማሚሩ ድማ ህይወታዊ ብዙሕነት ቀይሕ ባሕሪ ብዝተፈልየ መልክዕ ክሰሰን ዝኽእልን ካብ ከባቢና ዝሓሸ ዕድል ዝፈጥርን እዩ። እዚ ኣብ ቀጠባዊ ረብሓ ክቕየር እንከሎ ድማ ምቹእ ክሊማ ምስ ዝተወሰኸ እዋን ጥራይ ዝርኣያ ኣዕዋፍ ባሕሪ፡ ፍሉያት ፍጥረታት ባሕሪ፡ ፍሉይ ኣቃውማ ዘለወን ደሴታት፡ ፍሕሽው ተቐባሊ ጋሻን ህዝቢ፡ ርግኣትን ሰላምን ዝዓሰሉ ደሴት ሰላም ዝኾነት ሃገርን ተደማሚሩ ዓቢ ናይ ወፍርን ቀጠባን ባይታ ይፈጥር።

እዚ ክፋል'ዚ፡ ከም መበገሲ ኮይኑ፡ ኣብ ዝቕጽል ንኹሎም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ነጥብታትን ትሕዝቶኦምን መሰረት ብምግባር፡ ጸጋታት ባሕርና ምስ'ቶም መሰረታውያን ጽላታት ሃገርና ከም ጥዕና፡ ሕርሻ፡ ህንጻ፡ ጸዓትን ማዕድንን ከምኡ'ውን ንግድን ኢንዱስትሪን ዘህልዎም ተዛማድነትን ምትእስሳርን ብዝሰፍሐን ዝዓሞቐን ዝድህስስ ትሕዝቶ ክቕርብ ኢና።


ደሴት ሸኽ ስዒድ


ብገረብ ሾራ ዝተሸፈነ ገማግም ባሕርና


ኣብ ደሴታት ኤርትራ ብብዝሒ ዝርከባ ኣዕዋፍ ባሕሪ


ካብ ጸህያይ ባሕሪ ዝፈረየ ባህርያዊ ፈሳሲ ድኹዒ

### ብምትሕብባር ሃብቲ ባሕሪ

### መኣረምታ

ብ17 መስከረም 'ፐርስ-ሰይን' ብዝብል ኣርእስቲ ኣብዚ ዓምዲ'ዚ ናይ ዝተኣንገደ ዓንቀጽ ጸሓፊኡ፡ ፊልሞን በረኸት ተባሂሉ ክእረም ምስ ናይ ይቕረታ ንሓትት።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## የማነ ካሕሳይ፡ እቲ ብሉጽ ተኸላኻሊ

ዮናስ ሃይለ (ፒፖ) ጨ/ ዜና/መ/ ሓ/ን/ሚኒ/ምክልኻል

ጋንታ ኤለክትሪክ ብበሊጽ መስመር መጥቃዕቲ ጥራይ ኣይነኣትን ትፍለጥ ነይራ፡፡ እዛ ጋንታ፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ኣብ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክምርጽ ዝኽእል ዓቕሚ ዝነበሮም ብሉጻትን



ምኩራትን ተጻወትቲ ኣፍርያ እያ፡፡ ሓደ ካብኦም መስረትቲ ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ ዝኾነን ኣብ ቁጽሪ 5 መስመር ምክልኻል ዝጻወት ዝነበረን፡ ኣንጻር ጋንታ ብቐለሉ ዘይሰጉሩዎን ዘይደፍሩዎን ሓያል ተጻዋታይ ብምንባሩ፡ ጸንሰን ከም ሓጺን ተረር ምዃኑን ንምግላጽ ከኣ፡ 'ኣቻዮ' ዝብል



የማነ፡ ደው ኳብ ዝበሉ ካብ ጸጋም ካልኣይ ዘሎ

ቅጽል ስም ዝተዋህቦ የማነ ካሕሳይ (ኣቻዮ) እዩ፡፡

የማነ ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ ኮይኑ፡ ካብኡ ዝዓበዩ ዝነበሩ ተጻወትቲ እናረኣየ ፍቕሪ ኩዕሶ እግሪ ኩሓድሮ ጀሚሩ፡፡ ምስ ደቂ ገዛውቱ ኮይኑ ኣብ ሜዳታት ንእሽተይ ቺቺርን ፎሮብያን ብኩዕሶ ኣሰልጣኒ ኻሳዛር የማነ ምሕጹን (ጉዳል) ዝወሃቦም ዝነበረ ምኽርታት ምስ ብጾቱ ኮይኑ ኣብ ተግባር ብምውዓል ከኣ ኑቲ ዓውዲ ብዕቱብ ተተሓሒዙ፡፡

የማነ ኣብ 1968 ምስ ጋንታ ሚይልሓም (ሎኮሞቲቫ) ክጻወት እንከሎ፡ ኣብ 1972/73 ምስ ላሳሉ፡ ኣብ 1974 ድማ ምስ ጋንታ መድሓኔት ብምዃን ተጻዊቱ፡፡ ኣብ 1975 ስፖርት ብሓደሽ መንፈስ ተወዲቡ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ከኣ ናብ ጋንታ ኤለክትሪክ (ቀይሕ ባሕሪ) ተሰጋጊሩ ክሳዕ 1987 ተጻዊቱ፡፡

የማነ (ኣቻዮ)፡ ንዓሰርተ ዓመታት ምስ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ተመሪጹ ኣብ ዝተፈላለየ ውድድራት ተጻዊቱ፡፡ ኣብ 1979 ምስ ናይ መንእሰያት ሃገራዊት ጋንታ ኢትዮጵያ ተመሪጹ ከኣ ኣብ ኣልጀርያ ክጻወት በቒዑ፡፡



የማነ፡ ደው ኳብ ዝበሉ ካብ የማን ራብዓይ

የማነ ኣብ 1985 ዕለተ መርዓኡ ክካየድ ኣብ ዝሸባሸበሉ ዝነበረ ግዜ፡ ኣብታ ብኣሰልጣኒ ሃይለ ተሰፉጋብር (ዱብ) እትእለ ዝነበረት ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ብምምራጹ፡ ሰዝቡት ተመሪዑ ካብ ረብዕ ኣትሓዙ ስሩዕ ልምምዱ ክካየድ ተሰማሚዑ፡፡ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ናይ ሓጺር ልምምድ ከኣ፡ ሓሙስ ናይ ንቕሎ ግዜ ኣኺሉ ምስ ጋንታኡ ሓቢሩ ናብ ኣዲስ ኣበባ ኣምሪሑ፡፡ ሰዝቡት ኣብ ዝፈለመ ውድድር ሻምፕዮና መላእ ኢትዮጵያ ድማ ተጸምደ፡፡

ኣብ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ፡ ተመሪጾም ዝነበሩ ተጻወትቲ ሓያላት ብምንባሮም፡ ንኹሉ ግጥሚታቶም ሰጊሮም ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ በጺሖም፡፡ ኣብቲ ግዜ ዘይርሳዕ ፍጻመ እንተነይሩ ከኣ፡ ሓንቲ ፈታዊቱን ቀረባ ቤተሰብን የማነ ዝኾነት ግድስቲ ዜጋ፡ ንበዓልቲ ቤት የማነ ናብ ኣዲስ ኣበባ ኣምጺኣ ኑቲ ናይ ፍጻመ ግጥም ብኣካል ክትዕዘቦ መደብ ስለዝነበራ፡ ምስ የማነ ተረዳዲኣ ካብ ኣስመራ ናብ ኣዲስ ኣበባ ኣምጺኣታ፡፡ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ንሃገራዊት ጋንታ ኢትዮጵያ ብምስዓር ዘውዲ መላእ ኢትዮጵያ ክትደፍእ ድማ ተዓዊታ፡፡ ኣብቲ ግጥም፡ የማነ (ኣቻዮ) ሓደ ካብቶም ቀለስቲ ተጻወትቲ ምንባሩ ይዝከር፡፡



የማነ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ

ኣቻዮ፡ ምስ ኤለክትሪክ (ኤልፓ) ኣብ ዝነበረሉ፡ ሰለስተ ግዜ ሻምፕዮን ኤርትራ ሰለስተ ግዜ ድማ ኣብ ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ውድድራት ዓቢይቲ ዋናጩ ዓቲሩ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ኣብ 1981 ከምኡ'ውን 1983 ምስ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ብምዃኑ ተዓዊቲ ግጥም ኣውዳቕካ ምሕላፍ መላእ ኢትዮጵያ ኮይኑ፡፡ ምስ ኤልፓን ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራን ተዘኪሩ ግዜ ድሕሪ ምሕላፉ ከኣ ብ1987 ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ተኣልዩ፡፡

የማነ ጫማኡ ድሕሪ ምስቃሉ፡ ኣብ መወዳእታ 80'ታት ኣብ ምምሕዳር ዞባኡ ማይ ተመናይ ከም ኣሰልጣኒ ናይ ንኣሽቱን ዓበይቲን ተጻወትቲ ኮይኑ፡ ንሱ ብዓል ነ/ፍ በረኸት ዞሚካኤል፡ ድሕሪ ናጽነት ሮኾሪ ፕሮፈሽናል ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝኾነ ሓዉ ነ/ፍ የውሃንስ ዞሚካኤልን (ጆን) ከምኡ'ውን ካልኦት ተጻወትቲን ኣብ ምስልጣን ተጸሚዱ ነይሩ፡፡

ናይ ቅድም ተጻዋታይ የማነ ካሕሳይ (ኣቻዮ)፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ደቅን እዩ፡፡

## ሌላ ምስ ተጻዋታይ ባይታ ቴንስ ነፍ/ ሰረቐ ኣስፍሃ

ሰረቐ ኣስፍሃ ወልደጊዮርጊስ ይበሃል፡፡ ኣብ 1964 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ እዩ፡፡ ሰረቐ፡ ገና ወዲ 11 ዓመት እንከሎ፡ ምስ ምዕባዩ ሓዉ ስዉእ ኣሰፋው ኣስፍሃ፡ ባይታ ተኒስ ይጻወት ስለዝነበረ እዩ ፍቕሪ ናይዚ ዓውዲ ሒዝዎ፡፡

ሰረቐ ኣብቲ ዕድመ እቲ፡ ብማሕበር ባይታ ቴንስ ናይቲ ግዜ ኩዕሶ ንኸቀብሉ፡ ብበዝሒ እናተኸፈለ ስራሕ ብምጅማር፡ ኑቲ ዓውዲ ብብቑዕ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ክመልኮ ክኢሉ፡፡ ካብዚ ብምቕጻል ከኣ፡ ከም ኣሰልጣኒ ክኸውን ብምብቃዑ፡ ምስቲ ማሕበር ብምርድዳእ ብክፍሊት ንኣሽቱ ክሰልጥን ጀሚሩ፡፡

ሰረቐ ቀንዲ ባይታ ቴንስ ዝጀመረሉ እዋን፡ ኣብ 1980 ዓ/ም ኮይኑ፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ናይ ክፍለ ሃገራት ኢትዮጵያ ዝካየዱ ዝነበሩ ውድድራት ባይታ ቴንስ ካብ 18 ተወዳደርቲ 4ይ ደረጃ ክወጽእ ክኢሉ፡፡ ብዙሓዞ ደረጃ ሞራሉ ሰጊዩ ኣብ ዝዓረገሉ፡ ኣብ 1981 ኣብ መንጎ 14 ተወዳደርቲ ባይታ ቴንስ፡ ካልኣይ ደረጃ ብምውጻእ ክሽልም ክኢሉ፡፡ ሰረቐ ዝነበሮ ድሌትን ሓቦን እናበርተዐ ብምኻዱ፡ ኑቲ ዓውዲ ብዕቱብ ተተሓሒዙ፡፡ ኣብ 1982 ድማ፡ ካብ 15 ተወዳደርቲ መሳጢ ጸወታ ብምርኣዩ፡ ቀዳማይ ደረጃ ብምውጻእ ሻምፕዮን ኮይኑ፡፡ እዚ ዝረኣዩ ስድራቤቱ ሞራል ብምሃብ ኣተባቢዖም፡፡ ኣብ 1983/84 እውን ከም እንደገና ቀዳማይ ደረጃ ብምውጻእ ዓወታት ተቐዳጺሉ፡፡

ሰረቐ፡ ምስ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ተመሪጹ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምኻድ፡ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ ዝዘመ፡፡ ኣብታ ዓመት ምስ ሕርይቲ ጋንታ ኢትዮጲያ ተመሪጹ ድማ፡ ኣብ ጅቡቲ፡ ኬንያን ግብጽን ኣብ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ (ALL AFRICA GAMES) ክሳተፍ ክኢሉ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ጅቡቲ ኣብ ዝካየዶ ግጥም፡ ሱሓቢ ጸወታ ብምርኣዩ፡ ክሽልም በቒዑ እዩ፡፡



ሰረቐ፡ ምስ ጋንታ ኣዱሊስ ኮይኑ ጸወታኡ ብምስልሳል፡ ነታ ጋንታ ዋንጫ ከዕትራ እንከሎ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ክሉብ ሓይሊ መብራህቲ ተጻምቢሩ፡ ኣርባዕተ ዋናጩ ክትዓትር ኣኽኢሉዋ፡፡ ኣብ 1992 ንማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ናይ ኣዲስ ኣበባ ወኪሉ ድማ፡ ናብ ኣስመራ ብምምጻእ ምስ ምንኣስ ሓዉ ፋኑስ ኣስፍሃ ብምግጣም ክዕውተሉ ክኢሉ፡፡

ጉዳም ስፖርታዊ ሰረቐ ኣስፍሃ፡ ኣብ 1993 እዩ ብዙሓደሮ ሕማም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዓሪፉ፡፡ ስነስርዓት ቀብሩ ከኣ፡ ቤተሰቡን ብርክት ዝበሉ ስፖርታውያንን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣስመራ ሓዘሓዘ ተፈጺሙ፡፡



ሰረቐ፡ ኣብ ማእከል ዘሎ - ንሕርይቲ ጋንታ ኢትዮጵያ ኣብ ዝወከለሉ

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ደሓን |
| 14:25 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ህርመት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ መእዝን ልምዓት |
| 22:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ደርፌ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ገምጋም ኣካዪዱ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ‘ገምጋሚ ኣኼባታትና ንዕበየት ደረጃ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ሃገርና’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ 2025 ዝተኻየደም ዓበይቲ መደባት፣ ሃገራዊ ውድድራትን መደባት ምልላይ ተውህቦን ወጽኢቶም ዝገምገመ ዋዕላ ብ10ን 11ን ጥቅምቲ 2025 ኣብ ኣስመራ ኣካዪዱ።

ኣብቲ ወከልቲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፣ ዞባውያን ፈደረሽናት፣ ክለባት ደያኑ፣ ኣሰልጠንቲን ኣባላት ሕክምና ስፖርትን ካልኦት ዕዱማትን ዝተረኸብሉ፣ ገምጋም ተዋሂቡ። ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓላፊ ንጥፈታት ኮሚቴታት ኦሎምፒክ፣ ፓራኦሎምፒክን ሃገራውያን ፈደረሽናትን ኮሎኔል ሰለሙን ሰዩም ኣብ ዘሰመየ መኽፈቲ ቃሉ፣ እቲ ኣጋጣሚ ኣብቲ ብሃገራዊ ፈደረሽን ዝተኻየደ ስፉሕቲ ስራሓት ብዝሳተፍ ኩሉ ተጋሂሉ ዝበረ ብልጫታት ዝዕቀበሉን ዝተራእዩ ሕጽረታት ድማ ብደቂቕ ተገምጊሙ ዝመሓየሸሉን፣ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብፍላይ ድማ ምስ ኣካላት ናይተን መሬልፈሊ ምንጪ ስፖርታውያን ዝኾና ኣብያተ ትምህርቲ ጥቡቕ ናይ ስራሕ ዝምድናታት ብምፍጣር ክዕየሉ ከምዝኾኑ ብምምልካት፣ ንቕጻሊ ዕቤት ዓውዲ ኩዕሶ እግሪ ሃናጺ መፍትሒ ሓሳባት ሓዚ ክወጽእ ትጽቢት ከምዝነበሮ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት፣ እቲ መደብ ኣብዚ ዓመት’ዚ ንዝተኻየደ ንጥፈታትን ወጽኢቱን ብዝዓቀነ ገምጋም ብምርኣይ ንቕጻሊ ብዝሳተፍ ኩሉም ማሕበረሰብ ስፖርት ንቕድሚት ከሰጉመን ከሰጋግሩን ዝኽእሉ ሓሳባት ንምርኻብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሰዓቢ ብኮሚቴታት ቴክኒክ፣ ውድድርን ስነስርዓትን፣ ዳንኛ፣ ምዕዛል ፍቓድ ክለባት (club licensing office)፣ ጸጥታ፣ ፋይናንስ፣ ሕክምና፣ ድሕነት (safe guarding)፣ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት፣ ሰደቓ ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ ውድድር ክለባት ሻምፕዮን ኤርትራን ውድድር ኩዕሶ እግሪ ገማግም ባሕርን





ውድድራት ትሕቲ 17 ዓመትን ከምኡ’ውን ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኒጀር ዝተኻየደ ምሕዝነታዊ ኣህጉራዊ ግጥም ብዘምልከት ሰፊሕ ዝርዝራዊ ዘተን ምምዪያጥን ተኻይዱሉ።

ተጋሺኢቲ ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ስራሕ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓሳባት፣ ኣብ ዞባታት ዝተበገሰ መደባት ምልላይ ተኽእለ ተጻወትቲ ሹቶኡ ክወቅዕን ትጽቢት ዝገበረሉ ፍረ ክርከቦ ብዙሓዩለ ውዳበን ተዓቃኒ ገምጋን ክቕጽል፣ ኣብ ዞባታት ዘሎ ናይ ጋንታታትን ክለባትን ናይ ተወዳደርቲ ዓቕምን መንፈስን ሓይሉ ናብ ምምስራት ሃገራዊ ሊግ ከሰጋግር ዘኽእል ስራሓት ደረጃ ብደረጃ ክሰርሓሉ፣ ኣብ ውድድራት ደቂ-ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተን ኣተኩሮን ክዋበረሉ፣ ኣብ ዘውጸን ናይ ሰልጠና መደባት ብኩነታተን ዝድረኽ መደብ ክዋደድ ከምኡ’ውን ብደረጃ ሃገር ኣብቲ ዓውዲ ዘሎ ሕጽረታት ናውቲ ስፖርት ፍታሕ ክናደየሉ ዝብሉን ካልኦት ሃጸቲ ሓሳባትን ቀሪቦም።

ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ኣብ መዛዘሚ ኣብ ዘስመዖ ቃሉ፣ እቲ መድረኽ ብሃገራዊ ፈደረሽን ዝተኻየዱ ዕማማትን ዝበርም ብልጫታትን ሕጽረታትን ከለሊ ዝሓገዘ ምንባሩ ብምጥቃስ፣ ኣብ መጻኢ ዝውጽኡ መደባት ስራሕ ኣድማዒ ወጽኢትን ፍረን ክርከቦም ምስ ዞባታትን ናይ ስራሕ መሻርኽትን ብወሃደትን ምምልላእን ከምዝሰርሓሉ ብምሕባር፣ ሃገራዊ ፈደረሽን ኩሉ መዳያዊ ደገፉን ምክትታልን ከምዝቕጽል ገሊጹ። ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፣ ኂ ኂ’ቲ ናይ ክልተ መዓልታት ዋዕላ ሃገራዊ ፈደረሽን፣ ኣብ ዓመት 2026 ክሳላሰሉ ዝተወጠኑ መደባት ስራሕ ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ኣካል ስሩዕ ኣኼባ ከምዝካየድ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሓቢሩ።

## ማእከል - ሻምፕዮን ባድሚንቶን ተዛዚሙ



ብፈደረሽን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል ተወዲቡ፣ ብ18 ኑሓስ መጋረጃኡ ዝኸፈተ ሻምፕዮን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል፣ ሰንበት 12 ጥቅምቲ ኣብ ጅምናዝዮም ሃማመተኤ ናይ ፍጻመ ጸወታ ብምክያድ ተዛዚሙ።

ኣብዚ ንክቡቢ ክልተ ወርሒ ዝተሰላሰለ ውድድር፣ ስፖርተኛታት ኣብ ሰለስተ ምድባት ብምክፍፋል፣ ብፍሉይ ድማ ጸወታታት ፓራ-ባድሚንቶን ኣብዚ ግጥማት ብምእታው ውድድራት ኣካይዱ።

ኣብዚ ኣብ ሰለስተ ሜዳታት ዝተኻየደ ግጥማት፣ ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ፣ ዋርካ ብዙል ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፣ የርዳኖስ ገ/ትንሳኤን ቤትኤል ኣብርሃምን ድማ ተኸቲለንኣ። ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፣ ኤልሻዳይ ሙሴ፣ ዓብዩልቃደር ኣወልከር፣ ብሩኽ ዳኒኤል ቀዳሞት ዕዉታት ኮይኖም።

ኣብ ናይ ትሕቲ 19 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ፣ መርየም መ/ብርሃን፣ ሊንዳ ክሰተ፣ ሒያት ኢብራሂም ዕዉታት ክኾና እንከለዋ፣ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፣ ሰም ማሪቆስ፣ ኪ. ኢሳይያስ፣ ኤቨንኤዘር ሙሴ ተዓዊቶም። ብጋንታ ደረጃ፣ መኾተ ቀዳመይቲ ክትወጽእ ከላ ዓምባርብበን ሓሬናን ተኸቲለንኦ።

ኣብ ናይ ልዕሊ 19 ዓመት ዳናይት ብንያም፣ ደሊና ሲሸል፣ ሲና ሳምሶን ቀዳሞት ሰለስተ ዕዉታት ደቂ-ኣንስትዮ ክኾና እንከለዋ፣ ቅዱስ የናስ፣ ራእይ የናስ፣ ፋኒኤል ኣርዓዶም ድማ ዕዉታት ደቂ-ተባዕትዮ ኰይኖም። ኣብዚ ኽሊ ዕድሎ፣ ሲቲ ሰንተር ብጋንታ ቀዳመይቲ፣ በሬር ካልኣይቲ፣ ብደሆ ሳልሰይቲ ኰይነን።

ፈደረሽን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል፣ ሎሚ ዓመት ብፍሉይ ውድድራት ፓራ ባድሚንቶን ኣብ ዘካየዶም ንጥፈታት፣ ናይ ደው ጸገም ኣብ ዘለዎም ተወዳደርቲ፣ ዘርእሰናይ ጉብረሚካኤል ቀዳማይ፣ ተኽለት ወልደየሃንስ ካልኣይ፣ በረኸት ሃብተሚካኤል ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኸኣ፣ ወብት ሃይሉ፣ ሰላማዊት ተስፋሚካኤል፣ ናጽነት ኣሰኻለ ዕዉታት ኰይነን፣ ናይ ዓረብያ ሰሽከላን ተወዳደርቲ ድማ፣ ሓይልኣብ ኤልያስ፣ ድራር ዕቑበማርያም፣ ኣንገሶም ሃይለ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም።

ሻምፕዮን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል፣ 59 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብዎም 151 ተወዳደርቲ ብምስታፍ፣ 322 ጸወታታት ብምስልሳል’ዩ ተዛዚሙ።

## ካርዲፍ - ናብ ሜዳ ዝኣተወት ኣንጭዋ . . .

ዌልስ ኣብ ሜዳ ካርዲፍ ሲቲ ንቤልጀየም ዓዲማ ግጥም ካልኣይ እብረ መጻረዩ ዋንጫ ዓለም ኣብ እተካይደሉ ዝበረት፣ ኣንጭዋ ናብ ሜዳ ብምእታዋ፣ ካርዲፍ ሲቲ ንፖሊሲ ምቁጽጻር ባልዕ ናይ’ቲ ከተማ ወቒሱ።



ቤልጀየማዊ ሓላዊ ልዳት ሪያል ማድሪድ ቲቦት ኮርተዋ፣ ነታ ኣንጭዋ ንምሓዝ ዘካየዶ ፈተነ ኣይተዓወተን። በዚ ምኽንያት ጸወታ ንሓጺር እዉን ክቋረጽ ተገዲዱ ነይሩ። ኣብ ከምዚ ህሞት ተቐይሩ ዝኣተወ ወዲ ዌልስ ብሬናን ጆንሰን ነታ ኣንጭዋ እናኸብከበ ካብ ሜዳ ከውጽኣ ክኢሉ።

ወያ ኣንጭዋ ንሓደ ኩዕሶ ዝሓዘ ተጻዋታይ ሓሊፋ ናብቲ ዲጂታላዊ መወዓውዒ ቦርድ ድሕሪ ምእታው ደጊማ ኣይተራእየትን።

ሓላፊ ምቁጽጻር ናይ’ቲ ስታድዮም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፣ “ኣቀማምጣ ናይቲ ስታድዮም ኣብ ወሰን ርእሲ ከተማ ዌልስ ስለዝኾነ’ሞ ብዙሒ ባኡር ምድሪ ዝሓልፋሉን ህዝቢ ብዝበዝሒ ዝገልገለሉን ብምዃኑ፣ ብኣናጹ ክውረር ተኽእሎ’ሎ። እንተኾነ፣ ኣብ ካርዲፍ ሲቲ 36 ዓመታት ኣቑጺረ ኣለኹ፣ ከምዚ ኣጋጣሚ ግን ኣይፈልጥን’የ። ምስ መሻርኽትና ምቁጽጻር ባልዕ ብምውህሃድ ካብቲ ከባቢ ንምእላዩ ክንሰርሕ ኢና።” ኢሉ።

ኣብቲ ስታድዮም ሓደስቲ መፈንጠርያታት ኣናጹ ደሰርሑ ከምዝለዉን ጽኑዕ ናይ ጽሬትን ምቁጽጻርን ሓለዋታት ከካይዱ ኣብ ምጉያይ ከምዝርከቡን ድማ ጸብጻብ ናይ’ታ ከተማ የረድኡ። ኣብቲ ግጥም፣ ሃገራዊት ጋንታ ዌልስ 4ብ2 ተዓዊታ።

## ፈነርባቼ ንበንዘማ ተቋምት

ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ካሪም በንዜማ ብሃንደበት ናብ ኤውሮጳ ክምለስ ይኽእል’ዩ ኣብ ዝበሃለሉ ዘሎ፣ ቱርካዊት ክለብ ፈነርባቼ ነዚ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ነበር፣ ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝካየድ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ዝለዓለ ጠመተ ክትገብረሉ ምዃና ሓቢራ።

እዛ ኢስታምቡላዊት ክለብ ኣብዚ ዓመት ጸወታ ዝርኣየቶ ትሑት ብቕዓትን ሕጽረት ሸቶታትን ንምድባስ፣ ነዚ ምስ ኣልኢትሓድ ክሳብ 2026 ዝጸንሕ ውዕል ዘለዎ ተዓዋቲ ባሎን ዲ’ኦር 2022 ተጻዋታይ ከተቋምት ተገዲዳ ኣላ።

ኣብ መስመር ምጥቃዕ ንዘለዋ ሃጓፍ ንምሽፋን ንኣጥቃዓይ ኣልኢትሓድ በንዜማ ንምውናን ደፋር ስጉምቲ ክትወስድ ትሽባሸብ ከምዘላ ማዕከናት ዜና ቱርኪ ይሕብራ። ፕረዚደንት ናይታ ክለብ ሳደቲን ሳራን ኢጣልያዊ ኣሰልጣኒ ዶመኒኮ ተደስኮን፣ ኢጋጠምምም ንዘሎ ሽቶታት ናይ ምምዛጋብ ሕጽረት ንምፍታሕ፣ ሓያል ኣመዛጋቢ ሸቶ ዝኸኣ ተጻዋታይ ክመጽእ እዩ ድልየቶም። በዚ ምኽንያት ድማ ቦርድ ፈነርባቼ ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝኸፈት መስኮት ምስግጋር ንቤንዜማ ቀንዲ ዕላማኡ ገይሩዎ ኣሎ።

እዚ ኣብ 2023 ካብ ማድሪድ ወጺኡ ናብ’ቲ ብርኩት ኣታዊ ዘለዎ ሊግ ስዑዲ ዝኸደ ፈረንሳዊ፣ ሓሙሽተ ጸዋእ ሻምፕዮንስሊግ ደሚሩ 36 ጸዋእ ዝዓተረ፣ ብዓቢኡ ከኣ ተዓዋቲ ባሎን ዲ’ኦር ኮይኑ፣ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ኣድናቖት ዘትረፈ ተጻዋታይ’ዩ። በንዜማ ኣብ ሊግ ስዑዲ ኣብ ዓመት 50 ሚልዮን ዩሮ ኣታዊ እኳ እንተሃለዎ፣ ናብ ክለባት ኤውሮፓ ተመሊሱ ናይ ጸወታ ዘመኑ ክዛዝም ሃንቀውታ ከምዘለዎ እያም ጸብጻባት ይሕብሩ።




ፈነርባቼ ኑቲ ትሑት ብቕዓት ዘመዝገበ ዘሎ ኣጥቃዓያ ጆን ዱራን ብበንዘማ ክትትክአ ተኽእሎ ኣሎ። ዱራን ብቕዓቱ ከመሓይሽ ብዘይምኽኣሉ ዘይተመሳጠ ኣሰልጣኒኡ ካብ ኑሓስ ጀሚሩ ካብ ጸወታ ወጻኢ ገይሩዎ ከምዝሎ ይፍለጥ። ኣብዚ ጉዳይ ወከልቲ በንዜማ ኣወንታዊ ምላሽ ምስ ዝህቡ ድማ ዝርርባት ብቐልጡፍ ክካይዱ ምዃኖም ኣፋዪድተ ናይዛ ክለብ ይሕብሩ። እንተዘይኮይኑ ግን ፈነርባቼ ናብ ካልኦት ኣጥቃዕቲ ከተቋምት ምዃና እያ ትሕብር።

ፈነርባቼ ብዜካ በንዘማ፣ ንሞሮካዊ ተጻዋታይ ፈረንሳዊት ክለብ ዳንከርኪን - ወዲ 19 ዓመት ፕሮዲጂ ያሲን ገሲመ እውን ኣብ ጠመተ ኣእትያያቶ ከምዘላ ገሊጹ። እዚ ተጻዋታይ ኣብ ዋንጫ ዓለም ትሕቲ 20 ዓመት ዝደነቐ ብቕዓት ብምንጽብራቑ፣ ብክለብ ማርሰይ፣ ክለብ ብሩጅን ዩንዮን ሳንት-ጊሎይስን ዝኣመሰላ ክለባት ዝህደን ዘሎ ተጻዋታ’ዩ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ንሃገራት ‘ኢ3’ ትወቅስ

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን እስማዒል ባጋይ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብ ‘ኢ3’ ዝፍለጣ ሃገራት ኤውሮጳ ማለት ፈረንሳ፡ ጀርመንን ብሪጣንያን ምስ ኢራን ኒዩክለሳዊ ዝርርብ ዳግማይ ንምጅማር ዘለወን ቅሩብነት ኣመልኪተን ዝወጸኦ መግለጺ፡ ሰናይ ድሌትን ቅንዕናን ዝጎደሎ ምዃኑ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሩ።

ባጋይ ኣዚ ዝበሎ፡ መራሕቲ ሰለስተኤን ሃገራት ዝሓለፈ ሰሙን ብጉዳይ ኒዩክለሳዊ ዝርርብ ኣመልኪቶም ንዝሃብዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ ግብረ መልሲ ኣብ ዝሃበሉ እዋን እዩ።




ባጋይ፡ “ኢራን፡ መግለጺ ናይተን ሃገራት፡ ገለ ኣገዳሲት ዘይብሎም ገለኦም ድማ ሰናይ ድሌትን ቅንዕናን ዘይብሎም ሓሳባት ዝጠቓልል’ዩ ኢሉ’ያ ትኣምኖ” ክብል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ወሲኹ ኣገንዚቡ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ ሃገራት ኢ3 ኣብ 2015 ኣብ ዝተበጽሐ ኒዩክለሳዊ ስምምዕ ኣብ ኣጋውብ ኣፈታትሓ ንዝበረ ዘይምርድዳእ ብዘይግቡእ ብምጥቃም፡ እቲ ዲፕሎማሲያዊ ማሰርሒ ናብ ዕጹው ማዕጾ ከም ዝበጽሕ እናገበራ ንኸይምስላ ንዲፕሎማሲ ከም ዝድግፋ ይገልጻ ከም ዘለዋ ወሲኹ።

## ሸነዙዌላ ኣብ ኖርወይ ዝርከብ ኤምባሲኣ ዓጽያ

ሸነዙዌላ፡ ኣብ ኖርወይ ንዝርከብ ኤምባሲኣ ክትዓጽዎ ከም ዝወሰነት ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ፡ ኣብ ኖርወይ ዝመደበሩ ኮሚተ ሽልማት ኖቤል ሰላም፡ መራሒት ተቓዋሚ ሰልፊ መንግስቲ ሸነዙዌላ ማርያ ኮሪና ማቻዶ ተዓዋቲት ሽልማት ኖቤል ሰላም ምዃና ድሕሪ ምግላጹ ድሕሪ ሓደት መዓልታት እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኖርወይ ንኣገልግሎት ዜና ሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኤምባሲ ሸነዙዌላ ዝተዓጽወሉ ምኽንያት ከም ዘይተሓብረ ገሊጹ።

እቲ ኣፈኛ ወሲኹ፡ ኑቲ ሽልማት ዝከታተል ኮሚተ ሽልማት ኖቤል ካብ ኢድ መንግስቲ ኖርወይ ናጻ ዝኾነ ኣካል ምዃኑ ገሊጹ።




ካብ 2024 ጀሚራ ካብ ሓይልታት ጸጥታ ሸነዙዌላ ተሓቢኣ ዝጸንሐት ኮሪና ማቻዶ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ላቲን ኣመሪካ ኣርኢያቶ ብዝተባህለ ፍሉይ ንጥፈታት ኣንጻር ዘይፍትሓውነት፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ተዓዋቲት ሽልማት ኖቤል ሰላም 2025 ተባሂላ ከም እተሸለመት ይፍለጥ።

ሸነዙዌላ፡ ብዘይካ ኣብ ኖርወይ፡ ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከብ ኤምባሲኣ’ውን ክትዓጽዉ ወሲና ከምዝላ’ያ ትሕብር።

ኮሚተ ሽልማት ኖቤል ሰላም፡ ኑታ ቀንዲ ተቓዋሚት መንግስቲ ሸነዙዌላ ዝኾነት ፖለቲከኛ ተዓዋቲት ናይ ሰላም ኖቤል 2025 ክትከውን ምምራጹ፡ ካብ ጸቕጢ ናይ’ተን እቲ መንግስቲ ክእለ ዝደልያ ሃገራት ምዕራብ ናጻ ከም ዘይኮነ ዝርኢ ጭቡጥ ኣብነት ምዃኑ፡ ብዙሓት ወገናት ርኢይቶኦም ይህቡ።

## ፕረዚደንት ማዳጋስካር ሃገር ለቒቑ

ፕረዚደንት ማዳጋስካር ኣንድሪ ራጆሊና፡ ብሰኑ’ቲ ካብ መወዳእታ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብታ ሃገር ዝቖጸለ ሰፊሕ ህዝባዊ ተቓውሞታት፡ ድሕሪቲ ንምውሓስ ካብ ማዳጋስካር ከም ዝሃደመ ተሓቢሩ።

ራጆሊና ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርገሖ ናይ ቪድዮ መልእኽቲ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድሕሪ ዝተፈጸመ ፈተነ ቅትለት፡ ህይወቱ ንኸድሕን ኣብ ውሑስ ቦታ ተዓቚቡ ከም ዘሎ ዝሓለፈ ሰኑይ ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ፈተነ ቅትለት፡ ደገፍ ፖለቲከኛታት ናይ’ታ ሃገር ብዘለዎም ኣባላት ሰራዊት ዝተኻየደ ከም ዝነበረ ኣብሪሁ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ 51 ዓመት መራሒ ተዓቚቡሉ ዝርከብ ቦታ ብንጹር ኣይሓበረን ዘሎ።

ብ25 ማስከረም ፕረዚደንት ራጆሊና ካብ ስልጣኑ ክወርድ ዝጸውዕ - ናብ ጎዳና ተቓውሞታት ዝተቐየረ - ሰላማዊ ሰልፊ ኣብታ ሃገር ተኻይዱ ከም ዝነበረ ዝዝከር እዩ።



ዝሓለፈ ሰኑይ፡ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ኣብታ ኣቐዲማ ግዝኣት ፈረንሳ ዝነበረት ማዳጋስካር ኣብ መንጎ ሰልፈኛታትን ሓይልታት ጸጥታን ብዝተኻየደ ግጭት ብውሕዱ 22 ሰባት መማቶም ድሕሪ ምግላጹ፡ ስክፍታኡ ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ማክሮን ጎደኒ ጎደኒ’ቲ ኣብ ግብጺ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ምቅራጽ ተኾሲ ሓማስን እስራኤልን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ራጆሊና ብመንግስቲ ፈረንሳ ተሓጊዙ ደዩ ሃዲሙ ንዝብል ሕቶ ግና ዝኾነ ርኢይቶ ክህበሉ ከም ዘይደለየ ኣረዲኡ።

ወተሃደራውያን ምንጪታት ንሮይተርስ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ግን፡ ራጆሊና ብወተሃደራዊት ነፋሪት ፈረንሳ ካብ ማዳጋስካር ከም ዝሃደመ እዮም ገሊጾም።

ሓያሎ ምሸ’ቲ ፕረዚደንት ቀረብቲ ዝነበሩ ሰብ ስልጣናት ብወገኖም፡ ናብ ደሴታዊት ጎረቤት ሃገር ሞሪሸስ ከም ዝሃደሙ ይቃላሕ ኣሎ።

ማዳጋስካር ዋላ’ኳ ብዙሕ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ እንተ ሃለዋ፡ ሓንቲ ካብ’ተን ዝደኸያ ሃገራት ዓለም ምዃና ይሕበር።

## ፕረዚደንት ፈረንሳ ነበር ክእሰር ተፈሪዱ

ፕረዚደንት ፈረንሳ ነበር ኒኮላስ ሳርኮዚ፡ ካብ 21 ጥቅምቲ ጀሚሩ ኣብ ከተማ ፓሪስ ኣብ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ ክኣቱ ምዃኑ፡ ምንጭታት ንኣገልግሎት ዜና ኤይ.ኤፍ.ፒ ሓቢሮም።

ቤት ፍርዲ ፈረንሳ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ፡ እቲ ፕረዚደንት ነበር ፈጺምዎ ብዝተባህለ ውዲት ገበን ኮይኑ ድሕሪ ምርካቡ ንሓሙሽተ ዓመት ክእሰር ምፍራዱ ይፍለጥ።

በዚ ድማ፡ ሳርኮዚ ካብ መራሕቲ ፈረንሳ ናይ መጀመርታ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ ዝተወሰኖ ፕረዚደንት ነበር ክኸውን እዩ።

ካብ 2007 ክሳብ 2012 መራሒ ፈረንሳ ዝነበረ ሳርኮዚ፡ ኣብ ናይ 2007 ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፈረንሳ ናይ ምረጻኢ ጎስጓስ ንምኽያድ ካብ መራሒ ሊብያ ነበር መዓመር ቀዛፊ ፋይናንሳዊ ምወላ ከም ዝረኸበ እዩ ክኽሰስ ጸኒሑ።

ይኹን’ምበር፡ ሳርኮዚ ንዝቐረበሉ ክሲ ብምንጻግ፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ ዝሓለፈ ወርሒ ማስከረም ዝተመሓላለፈ ውሳነ ቤት ፍርዲ ብኡ ንብኡ ናይ ይግባይ ሕቶ ከም ዘቕረበ ጠበቓኡ የመልክቱ።



## ደቡብ ሱዳን - ኣስታት 300 ሽሕ ሰባት ተመዛቢሎም

ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ኣብ 2025 ብዝተፈጥረ ሕድሕዳዊ ግጭት ዛጊት ኣስታት 300 ሽሕ ሰባት ካብ መቐበርኦም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓቢሩ።

እቲ ጸብጻብ ዝሓለፈ ሰኑይ ብኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ዝቐረበ ኮይኑ፡ ብሰንኪ’ቲ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ደቡብ ሱዳን ሳልቫ ኪርን ካብ ስርሑ ዝተኣገደ ምኽትል ፕረዚደንት ሪክ ማቻርን ዘሎ ግጭት፡ እታ ሃገር ናብ ምሉእ ኲናት ናይ ምእታው ሓደጋ ኣንጸላልዩዋ ከም ዘሎ ኣጠንቂቑ።

እቲ ኮሚሽን፡ ደቡብ ሱዳን ናብ ዝቐጸለ ኲናት ንኸይትኣቱ ህጹጽ ዞባዊ ምትእትታው ከጠበቕ ጸዊዑ ኣሎ።

ደቡብ ሱዳን፡ ኣብ 2011 ካብ ሱዳን ተገንጺላ ናጽነታ ካብ እትእውጅ ንደሓር፡ ኣብ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእን ቀቢላዊ ግጭትን ተሸሚማ ከም ዘላ ይፍለጥ።

ኣብ 2013፡ ፕረዚደንት ሳልቫ ኪር ንማቻር ካብ ምኽትል ፕረዚደንትነት ምስ ኣባረሮ፡ እታ ሃገር ናብ ግጭት ሕድሕድ ምእታዋ ዝዝከር እዩ።

ክልቲኦም ሰብ ስልጣን ኣብ 2017 ተኾሲ ክቋረጽ ተሰማሚዖም እኳ እንተ ነበሩ፡ እቲ ዝኸተሙሉ ስምምዕ ምክፍፋል ስልጣን ንሃዊሕ እዋን ክቕጽል ብዘይምኽኣሉ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝተወገነ ይሕበር።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 15/10/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services